# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.152 ሰሉስ 25 ለካቲት 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ዜና


ገጽ 3 ዜና ከባቢ

ገጽ 5 ኣተሃናንጻ ገጸ-ባህርያት

ገጽ 9 እምነት ሰብኣይን ሰበይትን



ገጽ 11 ሄናክ፡ ዕዉት ቀዳማይ መድረኽ ዙር ሩዋንዳ ኮይኑ




# ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ ኣብ መበል 58 ኣኼባ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት መደረ ኣስሚዑ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ትማሊ 24 ለካቲት ኣብ ዝጀመረ መበል 58 ኣኼባ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት፡ ብቪድዮ ዝተቐርጸ መደረ ኣስሚዑ።

ሚኒስተር ዑስማን ኣብ መግለጺኡ፡ እቲ ኣኼባ - ዓለምና ዝፍተሉ ብደሆታት ገጢምዋ፡ ሃገራት ብዋርጭታት ኣብ ዝሕመሰሉ፣ ሕብረተሰባት ብሰብኣዊ ቅልውላዋት ኣብ ዝቡታተሉ ዘለዋ፣ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ድማ ዕቱብ ስጉምቲ ክወስድ ትብዖት ኣብ ዝሰኣኖሉ እዋን ይኻየድ ምህላዉ ብምጥቃስ፡ ኣብዚ ተኣፋፊ ህሞት፡ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ክጻወቶ ዝግብኦ ተራን ሓጊዝዎ ዘሎ ቁመናን ብምዝማድ መብርሂ ሂቡ።

እቲ ባይቶ - ኣህጉራዊ ሰላም፡ ፍትሕን ሰብኣዊ ክብረትን ኣብ ምድንፋዕ ኣበርክቶ ክገብር ልዑል ትጽቢት ዝግበረሉ'ኳ እንተኾነ፡ ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን፡ ኣብ ክንዲ ናይ ምርድዳእን ምትሕግጋዝን መንፈስ ዘደንፍዑ ናይ ጠቕሚ መኽሰብን መድረኽ ናይ ምኽንያት ዝንባለ ከምዝጸንሐ ሓቢሩ።

ኤርትራ ኣባል ናይዚ ባይቶ ተመሪጻ ንሽዱሽተ ዓመታት ብሓላፍነታዊ ኣገባብ ብዕቱብ ከም ዘገልገለት፣ እዚ ከኣ ነቲ ነጻ ፖለቲካዊ ሕርያ ዝሰረቱ መትከል ርእሰምርኮሳ ዝሕመረቱን ፖሊሲ ዝምድናታት ወጻኢ ኤርትራ፣ ንመሰረታውያን ኣህጉራዊ መትከላት፣ ከምኡ'ውን ሕግታትን ውዕላትን ምርኩስ ዝገበረ መትከላዊ ኣተሓሕዛ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝሓለፈ 13 ዓመታት፡ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ብትእዛዝ ናይ ገለ ሃገራት፡ ኩነ ኢልካ ንኤርትራ ንምጽላምን ንምስይጣንን ዕረፍቲ ዘይህብ ተጻብኦታት ክካይድ ምጽንሑ፣ እዚ ከኣ ሰብኣዊ መሰላት ንምድንፋዕ ዘይኮነ፡ ምስሊ ኤርትራ ብምድዋን ንልኣላውነታ ብምብሕጓግ ጉዳይ ጂኦፖለቲካዊ ኣጀንዳ ንምግባራ ዘንቀደ ምኽኑ ኣረዲኡ።



ሃንደስቲ ናይ'ቲ ክሲታት ፍሉጣት፣ ዝጥቀሙሉ ሸጣራታት ድማ ቅሉዕ ከምዝኾኑ ዝሓበረ ሚኒስተር ዑስማን፡ እዚ ሻራዊ ኣካይዳኦም፡ እቲ ባይቶ ንዝቖመሉም መሰረታውያን መትከላት ዝጻረርን ዕላምኡ ንኸይወቅዕ ዝዕንቅፍን ምኽኑ ኣረዲኡ።

ሚኒስተር ዑስማን ኣሰዒቡ፡ ኤርትራ ብመንጽር ንምንጻል ኣብ ልዕሊኣ ክፍጸሙ ዝጸንሑ ዘዩቋርጹ ናይ ጠቕሚ ዘመተታትን ሸርሕታትን፡ ኣብ ኣህጉራዊ ዝምድናታት ዓቕማ ዝፈቕዶ ምቕሉል ተራ ክትጻወት ምጽንሓን ምህላዋን ብምግላጽ፡ ተራ ኤርትራ ኣብ ዓውዲ ዲፕሎማሲ ከምዝዩሕጸር ጠቒሱ፡ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለየ ኣህጉራዊ መድረኻት ስፖርት ዝሓፍስዎ ዘለዉ ዓወታት፡ ክሽዑ ኤርትራ - ዓወት ኣህጉር ኣፍሪቃ ንምኳን ከምዝኾኑ ከም ኣብነት ሓቢሩ።

ሚኒስተር ዑስማን ኣብ መወዳእታ፡ ኤርትራ ኣብ መትከል ርእሰምርኮሳ መሰረት ብምግባር፡ ኩሎም ዜጋታት ምዕሩይ ዕድላት ዝረኽቡሉ፡ ብልጽግትን ምዕብልትን ኤርትራ ምህናጽ ንጹር ራእይ ከምዘለዋ ብምንጻር፡ ኣብ መትከላት ሕድሕዳዊ ምኽባር ሰረት ዝገበረ ሃናጺ ጽምዶ ክትገብርን ክትዓይን ቅርብቲ ከምዝኾነት ኣረጋጊጹ።

ኣብ ዝቕጽል ሰለስተ መዓልታት ናይ'ዚ ኣኼብ፡ 128 ላዕለዎት ሰበስልጣን ሃገራት መግለጺ ክህቡ ትጽቢት ይግበር።

# 'መውል'፡ ዝሓሸ ኣገልግሎት ንምሃብ ይሰርሕ





መደብ ወሃለላን ንኡስ ልቓሕን (መውል)፡ ዝርግሐኡ ብምስፋሕን ተወሰኽቲ ጨናፍር ብምኽፋትን ዝሓሸ ኣገልግሎት ንምሃብ ይሰርሕ ከምዘሎ፡ ብ22 ለካቲት ኣብ ኣስመራ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ገሊጹ።

እቲ ዕላማኡ ብሰንኪ ራሕቁ ትሕዝቶን ካልእ ቀጥዕታትን ካብ ወግዓውያን ፋይናንሳውያን ትካላት ናይ ልቓሕ ዕድል ዘይረኽቡ ዜጋታት፡ ብቐረባ ልቓሕ ዝረኽቡሉ ዕድል ብምፍጣር፡ መነባብሮኦም ከመሓይሹ ምሕጋዝ ከምዝኾነ፡ ግዜያዊ ኣካያዲ ስራሕ'ቲ ትካል ኣቶ ታፍላ ኣስመሮም ሓቢሩ።

ብሓለፍቲ ክፍልታትን ጨናፍርን ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣብ 2024 ልዕሊ 214 ሚልዮን ናቕፋ ናብ ተገልገልቲ ክዝርጋሕ ከሎ፡ ልዕሊ 201 ሚልዮን ከምእተኣከበ፣ ከምኡ'ውን ቁጽሪ ዓማዊል ካብ 74,416 ናብ 76,485 ክብ ከምዝበለ፣ 53.7 ሚእታዊት ድማ ደቂ-ኣንስትዮ ከምዝኾኑ በሪሁ።

ንመደብ 2025 ብዘምልከት፡ መጠን መዓልቱ ዝሓለፈ ልቓሕ ብ25 ሚእታዊት ምጉዳል፣ ዝርግሐ ልቓሕ ምስፋሕ፣ ከምኡ'ውን ምስ መሻርኽቲ ብፍላይ ከኣ ምስ ኣካላት ምምሕዳር ጥቡቕ ርክብ ምሕያል፡ ካብ'ቶም ቀንዲ ምኽኒኖም ተገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብዝተኻየደ ንጥፈታት ብሉጻት ንዝኾና ጨናፍርን ዞባታትን፡ ናይ ገንዘብን ወረቐት ምስክርን ሽልማት ተዋሂቡ።

መደብ ወሃለላን ንኡስ ልቓሕን - 'መውል'፡ ኣብ ትሕቲ ሚኒስትሪ ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ይርከብ።

# ዓንሰባ - ማሕበራዊ ውሕስነት ንምርግጋጽ ይሰራሕ

መደባት ማሕበራዊ ውሕስነት ንምስጋር፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ብዝለዓለ ይሰራሕ ከምዘሎ፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ብ21 ለካቲት ኣብ ዝገበሮ ገምጋም ገሊጹ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ተኽስተ ዘርኣይ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ምውጋድ መርዓ ትሕቲ ዕድመ፣ መጸናዕቲ ቁጠባዊ ኩነታት ስድራ ስውኣትን ደቂ ስውኣትን፣ ምሕያል ኮማዊ ደገፍን ኣበርክቶን፣ ምቕላስ ጉዳእቲ ወልፍታትን ልምድታትን፣ ከምኡ'ውን ምልላይ ጽጉማት ቁልዑን ኣረጋውያንን ብደቂኣንስትዮ ዝእለያ ጽጉማት ስድራቤታትን ፍሉይ ኣተኩሮ ካብ ዝወሃቦም ጉዳያት ከምዝኾኑ ኣብሪሁ።

ኣብ 2024፡ ንስድራ ስውኣት ኣስታት 26 ሚልዮን ናቕፋ ደበስ ከምእተኸፍለ፣ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሓመልማሎ፡ ዓዲ-ተከሌዛን፡ ሓልሓል፡ ገሉብ፡ ከረንን ዒላበርዕድን 17 ጽጉማት ስድራቤታት ነፍሲ-ወከፍ ብ10 ሽሕ ናቕፋ ከምእተጠቐሙ፣ ን895 ጽጉማት ስድራቤታት ናይ ጻህያይን ዓጺድን ከምኡ'ውን ምስራሕን ምጽጋንን ገዛ ጉልበታዊ ሓገዝ፣ ንጽጉማት ተመሃሮ ድማ ናይ ናውቲ ትምህርትን ገንዘብን ደገፍ ከምእተገበረ ኣብሪሁ።

ብዘይካ'ዚ ኣቶ ተኽስተ፡ ኣብ 840 ትካላት ብዘተኻየደ ቁጽጽር ስራሕ፡ ጉድለት ዝተረኽበን ካብ መጠንቀቕታ ክሳብ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ከምእተበየነለን ኣፍሊጡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ተስፋጽዮን ግርማይ ብወገኑ፡ ምውጋድ ምኽሻብ ደቂኣንስትዮን ምዕባይ መጠን ወሊድ ኣብ ትካላት ጥዕናን ብዞባ ደረጃ ብዝለዓለ ካብ ዝተሰርሓሉም ንጥፈታት ከምዝኾኑ፡ ከም ውጽኢቱ - ንኡሳን ዞባታት ዒላበርዕድ፡ ገሉብ፡ ሓመልማሎን ከረንን ነጻ ካብ ኽሸባ ከምዝኣወጃ ሓቢሩ።

ሚኒስተር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕንነትን ወ/ሮ ልኡል ገብርኣብ ኣብ መወዳእታ፡ ምርግጋጽ ማሕበራዊ ድሕንነት ዜጋታት ካብ ቀንዲ መደባት መንግስቲ ከምዝኾነ ብምንጻር፡ ብዝዕባ ህልው ኩነታት ስድራ ስውኣትን ደቂ ስውኣትን ጸጹይ መጽናዕትን ሓበሬታን ክቐርብ፣ መነባብሮ ስንኩላን ንምምሕያሽ ተዘርጊሑ ዘሎ ወሊድ ዘይብሉ ልቓሕ ናይ ምእካብ መደብ ከኣ ብዝለዓለ ክስራሓሉ ተላቢዩ።

ዜና

## ደቡብ - ሽልማት ዒንድማሶ፡ ዓቢ ጽልዋ ይገብር ከምዘሎ ተሓቢሩ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ልዑል ነጥቢ ዝመዝገቡ ተመሃሮ ዝወሃብ ሽልማት ዒንድማሶ፡ ቅዱስ ቅንኢ ብምፍጣር ብቐዓት ኣብ ምዕባይ ልዑል ተራ ይጻወት ከምዘሎ፡ ተሸለምቲን ወለዶምን ገሊጾም፡፡

ካብ ንኡሳን ዞባታት ደቀምሓረ፡ ማይ-ዓይኒን ሰገነይትን ንዝመጹ 163 ብሉጻት ተመሃሮ ንምሽላም ብ19 ለካቲት ኣብ ደቀምሓረ ኣብ ዝተገብረ መደብ፡ ተሸለምቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ምስጢር መንፍዓቶም ውልቃዊ ጻዕሪ፡ ደገፍ መምህራንን ምትብባዕ ወለድን ከምዝኾነ ምጥቃስ፡ ሽልማት ዒንድማሶ ንዝያዳ ጻዕሪ ዝደርኽ ከምዝኾነ ኣረዲኦም፡፡


ወለዲ ብወገኖም፡ ጉጂ-ጉጂ'ቲ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዝገበር ጻዕሪ፡ ብደረጃ ስድራ-ቤት'ውን ምክትታልን ምትብባዕን ኣድላዪ ስለዝኾነ፡ ወለዲ ብዕቱብ ክሰርሑሉ ተላብዮም፡፡

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ የማነ ኣብራሃ ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ገብሩን ብወገኖም፡ እቲ ዕላማ ኣብ ዕዉት ጉዕዞ ትምህርቲ ድርኺት ንምፍጣር ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ንተሸለምቲ ሰናይ ትምኒቶም ገሊጾም፡፡



## ከረን - ናይ ከንፈርን ትንሓግን ክፍተት ንዘለዎም ዜጋታት መጥባሕቲ ተኻዪዱ

ኣብ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ከረን፡ ብምውህሃድ ሚኒስትሪ ጥዕናን ጉጅለ ወጻኢተኛታት ሓኻይምን፡ ተፈጥሮኣዊ ጥዕናዊ ጸገማት ከንፈርን ትንሓግን ንዘለዎም ዜጋታት፡ ካብ 11 ክሳብ 21 ለካቲት መጥባሕቲ ተኻዪዱ፡፡



ሜዲካል ዳይረክተር ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ከረን ዶ/ር ያፌት ሃይለሚካኤል ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ዕላማ ኣብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ሓለቡት ጥራይ ተደሪቱ ዝጸንሐ ናይ መጥባሕቲ ኣገልግሎት፡ ናብ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታላት ብምዝርጋሕ፡ ዜጋታት ብቐረባ ፍወሳ ዝረኽብሉ ባይታ ንምፍጣር ከምዝኾነ ገሊጹ፡፡

ተፈጥሮኣዊ ክፍተት ከንፈርን ትንሓግን፡ በቲ ወፍሪ ብቑዓምት ተታሒዙ ዝነበረ ጥዕናዊ ጸገም ከምዝኾነ ዝሓበረ ዶ/ር ያፌት፡ ናይ ጉርንጉሪት፡ ከምኡ'ውን ናይ ጭዋዳ ምጭብጣጥን ካልእ ጸገማትን ዝነበርም'ውን መጥባሕቲ ከምእተገብረሎም ኣፍሊጡ፡፡

እቲ ወፍሪ ቅድሚ ምጅማሩ፡ ብመንገዲ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ዝርከባ ትካላት ጥዕና ሓበሬታ ዝረኸቡ ልዕሊ 900 ዜጋታት ከምእተመዝገቡ፡ ግቡእ ምመያ ድሕሪ ምኪያዱ ድማ 130 ካብኦም ተጠቀምቲ ከምዝኾኑ ኣብሪሁ፡፡

ኣብ መወዳእታ ዶ/ር ያፌት፡ ከምዚ ዓይነት ናይ መጥባሕቲ ወፍሪ ኣብ መጻኢ ብዝሰፍሐ ዝቕጽሉ መገዲ ክናደ፡ ዜጋታት ድማ እቲ ብተፈጥሮ ዝኸሰት ጸገማት ኣብ ዝፍወሱ ደረጃ ከሎ ንምእላዩ ቅልጡፍ ስጉምቲ ክወስዱ ተላብዩ፡፡

ኣብቲ ወፍሪ ተራ ሞያውያን ዜጋታት ልዑል ምንባሩ ዝጠቐሰት ዶ/ር ሰመያ ኢብራሂም ብወገና፡ እቲ ዝተኻየደ ወፍሪ ሞያኦም ኣብ ምዕባይን ተመክሮ ኣብ ምቕሳምን ከምዝሓገዞም ሓቢራ፡፡

## ጉሪታት - ፕሮጀክት ጽሩይ ዝስተ ማይ ተመሪቑ

ኣብ ጉሪታት - ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ብልዕሊ ክልተ ሚልዮን ናቕፋ ዝተሃነጸ ፕሮጀክት ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ብ22 ለካቲት ተመሪቑ፡፡

እዚ ፕሮጀክት'ዚ፡ ጸሓያዊ ጸዓት፡ 3 መዐደሊ ነቑጣታት፡ 150 በርሚል ዝሕዝ ገንኢ፡ ከምኡ'ውን ካብ ዒላ ናብ ገንኢ ካብ ገንኢ ድማ ናብ መዐደሊ ነቑጣታት ዝዝርግሐ 2,486 ሜትሮ ሻምብቆታት የጠቓልል፡፡

ኣብቲ መመረቕታ፡ ኣመሓዳሪ ጉሪታት ኣቶ እያብ ፍስሓ፡ ምንጪ ጽሩይ ዝስተ ማይ ስለዘይነበርም ከቢድ ጸገም ከምዝሕለፉ ብምሕባር፡ እዚ ንምፍታሕ ንዝተወስደ ስጉምትን ኣበርክቶ ንዝገበሩ ኣካላት - ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ክፍሊ ሃብቲ ማይ፡ ምክትታል ፕሮጀክትታት ዓዲ-ሃሎ፡ ኩባንያ ምኹዓት ዒላ ሃወላን፡ ምምሕዳር ንኡስ ዞባን ካልኦትን ኣመስጊኑ፡፡



ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ኣቶ ክፍለማርያም ገብረመስቀል ብወገኑ፡ እቲ ብከቢድ ጻዕሪ ዝተዋደደ ፕሮጀክት፡ ንደቂ ኣንስትዮን ቈልዑን እፎይታ ዝሁብ ስለዝኾነ፡ ውሕሉል ምሕደራ ክግበረሉ ተማሕጺኑ፡፡

ሓላፊ ጨንፈር ማይ ዞባ ማእከል ኣቶ ግርማይ ተኽለኣብ ብወገኑ፡ ነበርቲ ካብ ኣፍደገ ገዛኦም ጽሬቱ ዝተሓለወ ማይ ክሰትዩ ምብቃዖም የሃና ድሕሪ ምግላጽ፡ ካብ ምስርሑ ምክንኻኑ ስለዝኸበደ፡ ግቡእ ምክትታልን ምክንኻንን ክገበሩ ጸዊዑ፡፡

ወኪል ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ዞባ ማእከል ኣቶ ኣስራት ሃይለ ድማ፡ ዓድታት ኑቲ ብዝፍ ወጻኢታት ዝዋደድ ዘሎ መኽዘኒ ማይን ፕሮጀክታት ጽሩይ ዝስተ ማይን ግቡእ ምክትታል ምስ ዝግበረሉ ዕድመ ኣገልግሎቱ ክነውሕ ስለዝኽእል፡ ግቡእ ቁላሕታ ክወሃቦ ኣዘኻኺሩ፡፡

ካብ ኣስመራ ኣስታት 30 ኪሎ-ሜትር ርሒቓ እትርከብ ጉሪታት፡ 353 ስድራቤታት ይነብራኣ፡፡

## ሚኒስትሪ ሕርሻ - ኣብ ድሕነት መግቢ ዘተኰረ ስልጠና ወዲቡ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሃገራዊ ስርዓት ቍጽጽር ድሕነት መግቢ ንምምዕባል ዝዓለመ ስልጠና፡ ካብ 17 ክሳብ 20 ለካቲት ንልዕሊ 50 ወከልቲ ሚኒስትሪታት፡ ኮለጃት፡ ኣመስራሕቲ መግቢ ትካላት፡ ኮርፖረሽናትን ትካል ደረጃታት ኤርትራን ሂቡ፡፡

እዚ ምስ ቤት-ጽሕፈት ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ብምትሕብባር ኣብ ኣስመራ ዝተኻየደ ስልጠና፡ ነቲ ብዘናጸል ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ስርዓት ብምውህሃድ፡ ወሀድ ሃገራዊ ስትራተጂያዊ ስርዓት ቍጽጽር ድሕነት መግቢ ንምድላው ከምዝኾነ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስየኖ ሓቢሩ፡፡

እቲ ስልጠና፡ ነቲ ኣብ ታሕሳስ 2024 ዝተኻየደ ሃገራዊ ዋዕላ ድሕነት መግቢ መሰረት ዝገበረ ኮይኑ፡ ብደረጃ ሃገር ዳህሳስ ደረጃታት ድሕነት መግቢ፡ ኣብ ሕጋጋትን መምርሒታትን፡ ትሕዝቶ-ቅርጻን ኣገልግሎት ላቦራቶርን ዓቕሚ-ሰብ፡ ኣጠቓቕማን ኣተሓሕዛን ሰነዳት፡ ከምኡ'ውን ተራ መሻርኽቲ ዝተዘምም ምኻኑ ብዘወሃኸ ገሊጹ፡፡

ወኪል ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ኣቶ መሓመድ ኣውዳሂር ብወገኑ፡ እዚ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ ዓለም ድማ ብፍላይ እትጥቀመሉ ዓይነት መገምገሚ ንኤርትራ'ውን ኣገዳሲ ምኻኑ 'ውሑስን መኣዘውን መግቢ ንኹሉ፡ ኣብ ኩሉ' ዝብል መርሓ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝሰይድን ከምዝኾነ ገሊጹ፡፡

ሰልጠንቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ እቲ ስልጠና ኣፍልጦኦም ብምብራኹ ንዝመጽእ ስርሖም ዘማእዝን ከምዝኾነ ገሊጾም፡፡



## ተሰነይ - ኣገልግሎት ሕክምና ዓይኒ እፎይታ ፈጢሩ

ኣብ ተሰነይ ኣገልግሎት ሕክምና ዓይኒ ምጅማሩ፡ እፎይታ ከምዝፈጠረሎም፡ ነበርቲ ገሊጾም፡፡

ወ/ሮ ክብራ መዃንን ኣቶ ባብከር ሓምድን፡ ምስ ዘለዎም ናይ ዓይኒ ጸገም ሰሩዓት ተገልገልቲ ምዃኖም ብምሕባር፡ እዚ ብቐረባ ዝተረጋገጸሎም ኣገልግሎት፡ ካብ ወጻኢታትን ሃልክን ከምዘናገፎም ኣረዲኦም፡፡

ሓላፊ ናይ'ቲ ማእከል ሕክምና ዓይኒ ኣቶ በርህ ሓድጉ፡ ነበርቲ ተሰነይን ጎልጅን ተረባሕቲ ናይ'ዚ ኣብ 2016 ዝተጀመረ ኣገልግሎት ኮይኖም ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ክኢላዊ ዓቕምን እኹል ቀረብ መድሃኒትን ስለዘሎ፡ መብዝሕትኡ ሕማማት ዓይኒ ብቐረባ ከምዝፍወስ፡ ክቢድ ዝበለ ጸገም ምስ ዝኸውን ድማ ናብ ዞባዊ መወከሲ ሆስፒታል ባረንቱ ከምዝለኣኽ ኣፍሊጡ፡፡

መዓልታዊ ካብ 25 ክሳብ 50 ተገልገልቲ ከምዘእንግዱ ዝሓበረ፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ሕክምና ዓይኒ መንእሰይ ሃብቶም ክፍለ ብወገኑ፡ ክሊማ ናይ'ቲ ከባቢ ጸሓይን ንፋስን ዝዓብለሎ ብምዃኑ ዝተፈላለየ ሕማማት ዓይኒ ከምዝኽሰት ብምጥቃስ፡ ቀጥዐ ዓይኒ (ኣለርጂ)፡ ረኽሲ ዓይኒ፡ ዓጽሚ ዓይኒን ሓበላን ካብቶም ቀንዲ ዝርኣዩ ምዃኖም ገሊጹ፡፡

ሓደ ዜጋ ኣብ ዓመት እንተውሓደ ሓንሳብ ክኑታት ዓይኑ ክምርመር ከምዘይግባእ ዝሓበረ መንእሰይ ሃብቶም፡ ሕማም ሽኮርን ሕዱር ሕማምን ዓይኒን ዘለዎም ግና ሰሩዕ ክትትል ክገብሩ ብምዝኽኻር፡ ዜጋታት መጽርዮ ዓይኒ ክዘውትሩ፡ ኣብ ዓይኒ ዝገበር መጋጸ ከወግዱ፡ ኣብ ትካላት ጸርበት ሓጺንን ዕንጸይትን ዝሰርሑ መከላኸሊ ዓይኒ ክወድዩ፡ ከምኡ'ውን ኣዒንቶም ብቐጻሊ ብጽሩይ ማይ ክሓጽብዎ ኣዘኻኺሩ፡፡

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዜና ከባቢ

ሸዊት ተኽለ

## ፕረዚደንት ኮንጎ፡ ሓድነት ልፍንታዊ መንግስቲ ሃገሩ ክጸንዕ ጸዊዑ



ፕረዚደንት ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ፊሊክስ ትሺሰከዲ፡ ኣብ መላእ ምብራቓዊ ክፋል እታ ሃገር ተፈጢሩ ዘሎ ግጭት እናስፋሕፈሐ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ሓድነት ናይ'ቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ልፍንታዊ መንግስቲ ዝያዳ ካልእ እዋን ክጸንዕ ኣተሓሳሰበ።

እቲ ፕረዚደንት፡ ብ'ኤም-23' ዝፍለጡ ዕጡቓት ተቓወምቲ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ንዝርከባ ዓበይቲ ከተማታት ካብ ዝቆጻጸሩ ንደሓር ኣብ ዝሃቦ ናይ መጀመርታ መግለጺ፡ ኣብ ስልጣን ዘሎ ብቕዱስ ሕብረት ሃገር' ዝፍለጥ ልፍንታዊ መንግስቲ ከይከፋፈል ብምዝኽኻር፡ እተን ኣብቲ ልፍንታዊ መንግስቲ ዘለዋ ሰልፍታት ሰሚረን ንኻይ ሓባር ጸላኢ ክምክታ ጻውዒት ኣቕረበ።

ኤም-23፡ ክቡር ማዕድናት ንዝርከቦ ገለ ክፋል ምብራቓዊ ኮንጎ ክቆጻጸር ብምጅማሩ፡ ኣብቲ ከባቢ ሰፊሕ ኩናት ከይወላዕ ተሰጊኡ ከምዘሎ ዝገልጹ ጸብጻባት፡ ደሮ ገለ ኣባላት ናይ'ቲ ዕጡቕ ጉጅለ ዕድመ ስልጣን እቲ ፕረዚደንት ኣብ ሓጺር ከም ዘይጸንሕ ብግልጺ ክዛረቡ ጀሚሮም ከምዘለዉ ኣረዲኦም።

“ኣብ ሓደት ዓውደ-ኩናት እምበር ኣብ ኩሉ ኩናት ኣይተሰዓርናን” ዝበለ ፕረዚደንት ትሺሰከዲ፡ ጠንቂ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ሃገሩ ዝኾኑ ኣካላት ከረኽብሉ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

ኤም-23፡ ምብራቓዊ ኮንጎ ንምቁጽጻርን ጸልዋ ንምፍጣርን ኣብ'ታ ሃገር ኣንጻር መንግስቲ ካብ ዝቃለሱ ልዕሊ 100 ዕጡቓት ጉጅለታት እቲ ዝያዳ ሓይሊን ተፈላጥነትን ዘለዎ ጉጅለ ምዃኑ ይንገር።

እቲ ጉጅለ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ብዘካየዶ ኩናት ክልተ ዓበይቲ ከተማታት ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከምዝእተወን ኣስታት 3 ሽሕ ሰባት ድማ ከምእተቐትሉን ይሕበር።

ብዘይካ'ዚ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ወተሃደራት መንግስቲ ኮንጎ ክሃድሙን ኢዶም ክህቡን ከምእተገደዱ ይፍለጥ።

ኤም-23፡ ብኣስታት 4 ሽሕ ወተሃደራት ሩዋንዳ ከምዝድገፍ ዝገልጹ ሕቡራት ሃገራት፡ እቲ ጉጅለ ክሳብ ኪንሻሳ - ርእሰ ከተማ ኮንጎ ክኣቱ ከምዝኽእል ኣጠንቂቑ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ዕጡቓት ኤም-23 ኣብ'ተን ተቖጻጺሮመን ዝርከባ ከተማታት ንዝርከቡ ሰድራቤት ወተሃደራት መንግስቲ ኮንጎ ዒላማ ይገብሩ ምህላዎም፡ ኣሶሽየትድ ፕረስ ሓቢሩ።

በዚ ድማ፡ ንገለ ህጻናት ናብ መሳርዕ ክጽንብሩ የገድዶም ምህላዉ፡ እቲ ኣገልግሎት ዜና ወሲኹ ኣረዲኡ።

## ኡጋንዳ - ተቓዋሚ ፖለቲከኛ ብኽሕደት ሃገር ተኸሲሱ

ኡጋንዳዊ ተቓዋሚ ፖለቲከኛ ኪዛ በሲግየ፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ብኽሕደት ሃገር ከምእተኸሰሰ ተሓቢሩ።

እዚ ዝተሓበረ፡ ኪዛ ኣብ ዝሓለፈ እዋንውን ብፌተካ ዕልዋ መንግስቲ ተኸሲሱ ድሕሪ ምጽንሑ እዩ።

በዚ ድማ፡ ንኣርባዕተ እብረ ኣብ ፕረዚደንታዊ ውድድር እታ ምብራቓ ኣፍሪቃዊት ሃገር ዝተሳተፈ ኪዛ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ካምፓላ - ርእሰ ከተማ'ታ ሃገር ኣብ ዝርከብ ሲቪላዊ ቤት-ፍርዲ ብዓረብያ ሰንከላን ተደጊፉ ኣብ መጋባእያ ቀረበ።

ኣብ ኡጋንዳ፡ ገበን ክሕደት ሃገር ክሳብ ሞት ዝበጽሕ መቕጻዕቲ ከምዝስዕብ ክኢላታት ሕጊ'ታ ሃገር የረድኡ።



68 ዓመት ዝዕመድኡ በሲግየ፡ ናብ ኬንያ ሃዲሙ ድሕሪ ምጽናሕ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሕዳር እዩ ኣብ ትሕቲ ቀጽጽር መንግስቲ ኡጋንዳ ኣትዩ። ድሕሪ ሓደት መዓልታት ድማ፡ “ኣብ ሃገራዊ ድሕነትና ስግኣት ፈጢርካ” ብዝብል ክሲ ናብ ወተሃደራዊ ቤት-ፍርዲ ምቕራቡ ይፍለጥ።

ይኹን'ምበር፡ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ኡጋንዳ፡ ወተሃደራዊ ቤት-ፍርዲ ንሲቪላውያን ተኸሲሶም ከምዘየገልግል ብምጥቃሱ፡ ንመስርሕ ፍርዱ ደው ኣቢልዎ እዩ ጸኒሑ።

ልዑል ጸጥታዊ ምክትታል ኣብ ዝገበረሉ ቤት-ማእሰርቲ ተቐይዱ ዘሎ ኪዛ ሰድራቤቱን ደገፍቱን ብቕጽበት ናጻ ክልቀቕ ይጽውዑ ከምዘለዉ፡ በሲግየ ብወጊ መግቢ ናይ ምሕሳም ኣድማ የካይድ ብምህላዉ ጥዕናኡ ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ከምዘይርከበን እዩ ዝገልጹ።

ኪዛ በሲግየ፡ ቅድሚ ሕጂ ናይ ፕረዚደንት የዌሪ ሙሰቨኒ ውልቃዊ ሓኪም እኳ እንተነበረ፡ ጸኒሑ ግን መራሒ ተቓዋሚ ውድብ ምዃኑ ይፍለጥ።

## ደቡብ ሱዳን - ብሰንኪ ልዑል ሙቐት ኣብያተ-ትምህርቲ ተዓጽየን

ኣብ ደቡብ ሱዳን ብሰንኪ ተኸሲቱ ዘሎ ልዑል መጠን ሙቐት፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ብምጽዋዕ፡ ስርዓተ-ትምህርቲ ዝሰላሰሉ ግዜያት ምምሕያሽ ክግበረሉ ሓቲቶም።



ከምእተዓጽዋ ተሓቢሩ።

እዚ ንዝመጽእ ክልተ ሰሙናት ክቕጽል ምዃኑ ዝተገልጸ ምዕጻው ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ'ታ ሃገር፡ ሕጂ ንኻልኣይ ግዜ እዩ ብሰንኪ ክሊማዊ ለውጢ ከምዚ ዝበለ ስጉምቲ ዝወሰድ ዘሎ።

እታ ሃገር ነዚ ስጉምቲ ትወስድ ዘላ፡ በቲ ተኸሲቱ ዘሎ ልዑል መጠን ዋዒ ተመሃሮ ኣብ መምሃሪ ክፍልታቶም ውዒሎም ከጥፍኡ ብምጅማሮም እዩ።

መብዛሕትአን ኣብያተ-ትምህርቲ ደቡብ ሱዳን ብዚንጎ ዝተሰርሓ ኮይነን፡ ንመዝሓሊ መሳርሒታት ሓይሊ ክህብ ዝኽእል ቀረብ ኤሌክትሪክ'ውን የብለንን።

ሚኒስተር ኣከባቢ ደቡብ ሱዳን ጆሴፊን ናፕዎን ኮስሞስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ መጠን ሙቐት ክሳብ 42 ዲግሪ ሴንቲግሬድ ክበጽሕ ትጽቢት ስለዝግበር፡ ነብረተ ኣብ ወሽጢ ገዛ ክጸንሑን ማይ ብዝበዝሒ ክሰትዩን ኣተሓሳሰበ።

ብተወሳኺ፡ ሰራሕተኛታት ኣብያተ-ትምህርቲ እታ ሃገር፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ዓመታዊ ኣብ ወርሒ ለካቲት ክዕጸዋን ሙቐት ኣብ ዝጎድለሉ ወርሒ ሚያዝያ ድማ ዳግማይ ክኽፈታን

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዑደት ራብዓይ ግንባር ባጽዕን ከባቢኡን |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨርሑ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለስ ስፖርት |
| 14:15 | ዶክመንት |
| 15:55 | ደሃይ ሕትመት |
| 16:40 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ዳህሳስና |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:30 | The Sound of Oassis |
| 19:25 | ሃሎ ቁልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳዜማ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

## ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ደቡብ ኣፍሪቃን ሩስያን ዘትዮም


ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ሰርጌይ ላቭሮቭ፡ ምስ ደቡብ ኣፍሪቃዊ መዘናኡ ሮናልድ ላሞላ ኣብ ምሕያል ንግዳዊን ቁጠባዊ ርክብ ክልቲአን ሃገራት ኣተኩሩ ከምዝዘተዩ ተሓቢሩ።

እቶም ሰበስልጣን ኣብ'ቲ ጎድኒ ጎድኒ ዋዕላ ሃገራት ጉጅለ-20 ኣብ ጆሃንስበርግ - ደቡብ ኣፍሪቃ ዝተኻየደ ርክቦም፡ ሃገራቶም ብመገዲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ብሪክስ፡ ጉጅለ-20'ን ካልኦት ኣህጉራዊ መድረኻትን ኣብ ዝያዳ ጥቡቕ ምውህሃድ ፖለሲ ወጻኢ ክፈጥራ ከምዘድሊ ኣስሚሮምሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣገዳስነት ክልተኣዊ ዘተ እተን ሃገራት ኣብ ዓለማዊ ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት ዝለዎ ኣበርክቶ'ውን ዘትዮምሉ።

ብተወሳኺ፡ ክልቲኦም ሰበስልጣን ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ሰሜን ኣፍሪቃን ንዘረአ ዘሎ ሰፊሕ ምዕባለታት ብሓፈሻ፡ ንቅልውላው ፍልስጤም ድማ ብፍላይ ከምእተዘራረቡ ተገሊጹ።

ኣብ መላእ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣብ ምፍታሕ ግጭታት ሓበራዊ ኣካይዳ ከምዘድሊ ብምግንዛብ ድማ፡ ሕብረት-ኣፍሪቃ ኣብ ምዕቃብን ምርግጋጽን ጸጥታ እታ ኣህጉር ወሳኒ ግደ ክጻወት ከምዝኾኖ ተረዲኦም።



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምስ ግዳይ ሕማም ረሲዕ ብኸመይ ንረዳዳእ?

ድሌትና እናንበበ ዘዕበየና ወላዲ፡ ዕድመ ደፊኡ ሕማም ረሲዕ ኣብ ዘጥቅዐሉ እዋን፡ ኣብ ጉዝ ምርድዳእ ክንእኽንን ምግርጫው ክበዝሕን ይረኣ።

ምስ ግዳያት ሕማም ረሲዕ ክትረዳዳእ እንተኾይንካ፡ "ናብ ናተይም ዓለም ክትኣቱ ኣለካ" እዩም ዝበሉ መብዛሕትኦም ክኢላታት። ምስ ግዳይ ሕማም ረሲዕ ምርድዳእ ዓቕሊ፡ ህድኣት፡ ጥንቃቐ፡ ስርዓት ወዘተ ዝሓትት ሜላ እዩ። እዚ ክትገብር ግን ኣቐዲምካ ደረጃን ኩነታትን ናይቲ ሕማም ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ።

**ብሕማም ረሲዕ ኣብ ዝጥቃዕ ዘሎ ሰብ ኺዲናም ዝረኣዩ ጸገማት፦**

- ክዘረብ እንከሎ ቅኑዕ ቃል ኣብ ምርካብ፣
- ትርጉም ናይ ቃል ብንጹር ኣብ ምፍላጥ፣
- ነዊሕ ዝርርብ ምስ እትገብር ዓቕሊ ጊዩሩ ኣብ ምድማጽን ኣብ ምምላስን፣
- መስርዕ ሓሳቡ፡ ብዮነቱ ኣብ ምዝዋርን ኣብ ምጥማርን።

ሕማም ረሲዕ ዘለዎ ሰብ፡ ኣቐዲሙ ክጥቀመሉም ዝጸንሐ ቋንቋታት ክተሓፍረጾ ንበር እዩ። እቲ ቋንቋ፡ መፋጥርቱ ዘዩካ ድሒሩ ዘጽንዖ ምስ ዝኸውን፡ ምሉእ ብምሉእ ከጥፍኦ/ ክርስዖ ይኽእል። ሓደ ትግርኛ ዝመበቂሉ ሸማግለ፡ ብትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዘኛ ክመልኽ እንተጸኒሑ፡ ኣብ ደረጃ ሕማም ረሲዕ ምስ ኣተወ ነቲ ናይ ባዕዲ ቋንቋ ረሲዑ ነቲ ናይ ኣደ ቋንቋኡ ጥራይ ክሕዝ ይኽእል እዩ።

ምስ ግዳይ ብኸመይ ንዘራረብ?

ምስ ግዳይ ሕማም ረሲዕ ዝኾነ ሰብ ክትዘራረብ/ ክትረዳዳእ እንከለኻ ዓቕሊ ከም ዝሓትት ክትግንዘብ ይግባእ። ምስኡ ክትዘራረብ እንከለኻ፡ ብዮነቱ ክትረዳዳእ እንተኾንካ ፈለማ ክትገብሮም ዝግብኣካ ነጥብታት ኣለው።

- እቲ ግዳይ ኣደዝነ ሂብካ ትሰምዖ ከም ዘለኻ ምእንቲ ክፈልጥ፡ ናይ ዓይኒ ምጥምማት ክህልወካ ኣለዎ። ብስሙ ወላዲኻ ምስ ዝኸውን ድማ በቲ ዝጉብኦ ክብሪ እናጸዋዕካ ትሰምዖ ከም ዘለኻ ክተረጋግጸሉ ይግባእ።

- ንሱ ኣብ እተርእዮ ምልክታት ገጽ፡ ዓቐንን ቃናን ደምጺ፡ ናይ ኢድ ምልክታት ወዘተ ኣብ ዝኣመሰሉ ናይ ዝርርብ ምልክታት ግቡእ ጥንቃቐ ክትገብር ኣለካ። ሓረቕካ፡ ተቐጢዕካ ወይ ሰልኪዩካ ማሰሉ ክትቀርቦ የብልካን።

- እቲ ግዳይ ደሓን ክረዳድኣካ ዝኽእል ምስ ዝኸውን፡ እቲ ትገብሮ ዝርርብ፡ ንኻልእ ሰብ ዘየሳትፍ ክልተኣዊ ክኸውን ዝበለጸ እዩ።

- ድሌታቱ ንምርካብ፡ ምስቲ ግዳይ ናጻ ኳንካ ናይ ዕላል መድረኽ ክትከፍት ይግባእ።

- ኣብ መንጎ ዘሕርቕ ዝርርብ ከይፍጠር ጥንቃቐ ክትገብር ኣለካ። እቲ ግዳይ ምስ ዝሓርቐውን ንምህድኡ ከይተሓለልካ ክትጽዕር ይግባእ።

- እቲ ግዳይ ናይ ዝርርብ ግብረ-መልሲ ክህብ ምስ ዝደሊ ምሉእ ግዜን ዕድልን ክትህቦ ተመሪጺ እዩ።

- ነቲ ግዳይ ከም ህጻን ኣምሲልካ ወይ ደምጺ ናይ ህጻን እናገበርካ ክትዛረቦ ኣይትፈትን። ክብሪ ትህቦ ዘለኻ ኮይኑ ክስምዖ ስለ ዘይክእል።

- ከም ምድራዝ ኢድ፡ ምሕካኽ ርእሲ ወዘተ ዝኣመሰሉ ካልእ መረዳድኢ ኣገባብ ተጠቒምካ፡ ምስቲ ግዳይ ምዝርራብ፡ ምሉእ ኣደህባ ፍቕርን ክህልዎ ዝዑበር እዩ።



ምስ ግዳይ ሕማም ረሲዕ ክትረዳዳእ እንከለኻ ከም 'እወ' ወይ 'ናእ' ዝኣመሰሉ ሓጺር መልሲ ዘለዎም ሕቶታት ክትጥቀም እዩ ዝግባእ። እቲ እተቕርቦ ሕቶ ነቲ ግዳይ ምድንጋር ምስ ዝፈጥረሉ፡ ብኻልእ ኣገባብ ፍሽስ ብዝበሉ ቃላት ነቲ ሕቶ ደጊምካ ክተቕርቦ ይከኣል እዩ።

ገለ ኣብነት ንምጥቃስ

- "ንድራር እንታይ ዓይነት መግቢ ክዳልወልካ?" ኣብ ክንዲ ምባል፡ "ንድራር ዓሳ ወይ ደርሆ ክስርሓልካ ትደሊ ዶ?"፡
- "ከምኡ ገይርካ ኣይተዛዝን ዝሰራሕ" ኣብ ክንዲ ምባል፡ "ብኸምዚ ክትሰርሖ ዘይትፍትን?"፡

- "ጠሚካ ዲኻ?" ኣብ ክንዲ ምባል፡ "በሊዑ እዩ ይቕርበልካ ኣለኹ" ክትብል ይግባእ።

**ክትእርሞም ኣይትፈትን**

እቲ ግዳይ እናዕለለካ እንከሎ፡ ሓቅነት ዘይብሉ ዘረባታት የስምዓካ እንተሎ፡ ክትእርሞ ወይ ናይ ዘይምስምማዕ ምልክት ክተርእዮ የብልካን። ንሱ'ም እቲ ክብልዎ ዝጸንሑ ኩሉ ክረኣዮም ጸጊሑ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንኣብነት ኣደኻ ካብ እትዓርፍ 25 ዓመታት ኣቑጺራ'ኳ ትኾኑ፡ ነቲ ግዳይ ግን፡ ብኻምሁኡ ክትረኣዮ ስለ ዝጸንሐት ከም ዘላ ገይሩ ክዕልለካ ይኽእል እዩ። ስለዚ እቲ ዝበለካ ኩሉ ከምዝለዎ ክትቕበሎ ምፍታን፡ ኣብ መንጎ ክልቴኹም ግቡእ ምርድዳእ ክህሉ ሓጋዚ እዩ።

ክንሓቶ ዘይብልና፡ "መን እዩ ሸመይ? ትዝክረ ዶ?"

እዚ ዓይነት ሕቶ ነቲ ኣብ ከበድ ጭንቀትን ናይ ምዝኻር ድኽመትን ዘሎ ግዳይ ዓቢ ፈተና እዩ። ወሉዱ ተባሂልካ ክዝክረካ ምስ ዘይክእል ወይ ክዝክረካ ብዙሕ ክጋደል ምስ እትዕዘብ ኣጥካ ዝፈጥሮ ስምዒት'ውን ከቢድ እዩ። ስለዚ፡ ካብ ከምዚ ዓይነት ሕቶታት ምቍጣብ ኣገዳሲ እዩ።

**ብዛዕባ ሕማም ረሲዕ ክንፈልጦ ዝግበኣና ሓቅታት**

ሕማም ረሲዕ፡ ናብ ጽላለ ክምዕብል ዝኽእል ኣብ ሓንጎል ዝርከብ ጥዕናዊ ጸገም እዩ። ጽላለ (dementia) ሰፊሕ ኣገላልጻ ሕማም ኣእምሮ ኮይኑ፡ ኣብ ሓንጎል ብዘጋጥም መጉዳእቲ ወይ ሕማም ንናይ ምዝኽር፡ ምሕሳብ ከምኡ'ውን ንናይ ምምዛዝን ጠባይን ዓቕሚ ብኣሉታ ዝጸሉ ጸገም ኣእምሮ እዩ። እዚ ጸገም'ዚ፡ ኣብቲ ዕለታዊ ንጥፈታትና ኹይዶ ስርሓት ወይ ምንቅስቓስ ብኣሉታ ዝጸሉ እዩ።

ኣብ ሕማም ረሲዕ ዘተኮሩ ጥዕናዊ መጽናዕትታት ከም ዘረጋግጹ፡ ሕማም ረሲዕ ካብ 60 ክሳብ 80 ናይ ኣእምሮ ጸገም ሃልዩዎም ናብ ሕክምና ንዝቐርቡ ግዳያት ይጸሉ። መብዛሕትኡ ጸገማት ሕማም ረሲዕ፡ ካብ 65 ዓመት ዕድመ ንላዕሊ እዩ ዝርአ።

ሕማም ረሲዕ ኩላዊ ዝኸውን'ኳ እንተዘይኮነ፡ ኣብ ክንዲ ብቐልጢፍ ዘገም ኢሉ ከም ዝምዕብል ዝገብር ግቡእ ፍወሳ ግና ኣለዎ።

ጠንቂ

ሕማም ረሲዕ ፍሉጥ ዝኾነ ጠንቂ ከም ዘይብሉ እዩም ክኢላታት ዝገልጹ። ናብ ሕማም ረሲዕ ከቃልዑ ዝኽእሉ ረቛሒታት ከም ዘለዉ ግና የመልክቱ።

ዕድመ፦ መብዛሕትኦም ሕማም ረሲዕ ዝማዕበሉ ሰባት ዕድመኦም 65 ዓመት ወይ ልዕሊኡ እዩም።

ስድራቤታዊ ድሕረ ባይታ፦ ሕማም ረሲዕ ካብ ዝማዕበለ ስድራ ምስ እትውለድ በቲ ሕማም'ቲ ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ።

ተወርሶ፦ ገለ ካብ ስድራኻ እትወርሶም ጂን (gene) ምስ ሕማም ረሲዕ ምትእስሳር ኣለዎም።

ሓደ ወይ ልዕሊኡ ካብዞም ልዒሎም ዝተጠቕሱ ረቛሒታት ኣለካ ማለት ሕማም ረሲዕ ከተማዕብል ኢኻ ማለት ግና ኣይኮነን። እንታይ ደኣ? እቲ ሕማም ንኸተማዕብል ዘለካ ተኽእሎ የዛይዶ እዩ ማለት እዩ።

**ሕማም ረሲዕን ተወርሶን**

ዛጊት ብንጹር ዝተለለየ ጠንቂ ሕማም ረሲዕ ከም ዘየለ እዩ ዝግለጽ። ኣብቲ ሕማም ምሉእ ኣደህቦ ብምግባር ሓያሎ መጽናዕትታት ዘካየዱ ዘለዉ ክኢላታት ግና ተወርሶ ተራ ከም ዘለዎ ኣይነሓፍኡን ዘለዉ። ንኣየም 'ኣፖሊፖፕሮቲን ኢ' (Apolipoprotein E) ዝተባህለ ጂን ምስ ዕድመ ምስ ዝርአ ሕማም ረሲዕ ምትእስሳር ከም ዘለዎ እዩም ዝገልጹ።

ኣብ ደም ዝተገበረ መርመራ ከም ዘጽርዖ፡ እዚ ዓይነት ጂን ዘለዎም ሰባት ሕማም ረሲዕ ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ዝለዓለ ኮይኑ ተረኺቡ። ኩሎም 'ኣፖሊፖፕሮቲን ኢ' ጂን ዘለዎም ሰባት ሕማም ረሲዕ የማዕብሉ ማለት ግና ኣይኮነን። በንጻሩ ኩሎም 'ኣፖሊፖፕሮቲን ኢ' ጂን ዘይብሎም ሰባት ሕማም ረሲዕ ኣየማዕብሉን እዩም ማለት ድማ ኣይኮነን።

**ምልክታት ሕማም ረሲዕ**

ዝኾነ ሰብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ናይ ምርሳዕ ደረጃታት የርኢ እዩ። ሕማም ረሲዕ ዘለዎም ሰባት ግና ዘይልሙድ እናማዕበለ ዝኸይድ ናይ ምርሳዕን ካልእ ዘይልሙድ ጠባያትን እዩም ዘርእዩ። እቲ ዘርእይዎ ጠባያት ድማ ምስ ግዜ እናዓበየ እዩ ዝኸይድ። ገለ ካብቲ ዘርእይዎ ምልክታት፦

- ብሸነኺ ምጉዳል ናይ ምዝኻር ዓቕሚ ኣብ ዕለታዊ ናብራ ዝርአ ጸገማት። ንኣብነት ቆጸራ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ምጉዳል።
- ኣብ ስራሕ ናይ ገዛ ምድንጋር ምፍጣር፡ ንኣብነት፡ እቶን ብዮነቱ ዘይምጥቃም። ኣብ መግቢ ልዕሊ ዓቐን ብተደጋጋሚ ጨው ወይ ካልእ ቀመማት ምውሳኽ።
- ነገራት/ ጸገማት ንምፍታሕ ዘርእዮዎ ክብደትን ዓቕሊ ጸበትን።
- ሓሳብካ ኣብ ምግላጽን ምጽሓፍን ጸገማት/ ሸገራት ምርኣይ።
- ኣብ ኣተሓሕዛ ኣካላዊ ጽሬት ጉድለት ምርኣይ።
- ኣብ ኣደህቦ ምስትውዓልን ጉድለት ምርኣይ።
- ካብ ኣዕሩኽ፡ ስድራን ሕብረተሰብን ምርሓቕ።
- ድኻም ሓዲሽ ሓበሬታ ምሓዝ።
- ዝሓለፈ ፍጻመ ይኹን ኣቐዲሙ ዝበረ ኣጋጣሚ ዘይምዝኻር።
- ምድንጋር ወይ ኣንፈት ምስሓት።

ደረጃታት ሕማም ረሲዕ

ሕማም ረሲዕ ቀስ ብቐስ እናማዕበለ ዝኸይድ ኣእምሮኣዊ ጸገም ብምዃኑ ዝተፈላለየ ደረጃታት እዩ ዘለዎ።

ደረጃ 1፦ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ዝርአ ንጹር ምልክት ናይ ሕማም ረሲዕ የልቦን።

ደረጃ 2፦ ኣብዚ እቲ ናይ ፈለማ ምልክታት እዩ ዝርአ - ንኣብነት ምርሳዕ/ ምዝንጋዕ።

ደረጃ 3፦ ቀለልቲ ዝኾኑ ኣካላውን ኣእምሮኣውን መጉዳእቲ ክርአ ይጅምር። ምጉዳል ዝኽረትን ናይ ምድሃብ ዓቕምን ይርአ። እዚ ስለውጢ'ዚ ምስቲ ግዳይ ጥቡቕ ቅርበት ብዘለዎ ሰብ ጥራሕ እዩ ክልለ ዝኽእል።

ደረጃ 4፦ ሕማም ረሲዕ ኣብዚ ደረጃ'ዚ'ውን እንተኾነ ብቐሊሉ ከተለልዮ ኣይከኣልን እዩ። ዝኽረት ምጉዳልን ዕለታዊ ንጥፈታት ብኣገባቡ ዘይምክያድን ገለ ካብቲ እቲ ግዳይ ዘርእዮም ምልክታት እዮም። እዚኣም ምልክታት እዚኣም ብቐረባ ምስቲ ግዳይ ዘሎ ሰብ ጥራይ እዩ ከስተብህሎም ዝኽእል።

ደረጃ 5፦ ኣብዚ ደረጃ'ዚ እቲ ግዳይ ኣብ ዕለታዊ ናብርኡ ደረጃኡ ዝሓለወ ሓገዝ ዘድልዮ እዩ።

ደረጃ 6፦ እቲ ብሕማም ረሲዕ ተጠቒዑ ዘሎ ግዳይ ግቡእ ሓገዝ ኣብ ዘድልዮ ደረጃ እዩ ዘሎ። ከም መግቢ ምምጋብ ዝኣመሰለ ወሰንቲ ተግባራት ባዕሉ ክገብር ስለዘጸግሞ፡ ካልኦት ሰባት መግቢ ከብልዕዎን ክዳኑ ከልብስዎን ይኽእሉ።

ደረጃ 7፦ እዚ እቲ ኣዝዩ ተኣፋፊ ደረጃ እዩ። ኣብዚ ደረጃ'ዚ እቲ ግዳይ ናይ ምዝራብ ዓቕምን ብምልክት ናይ ምርዳእ ዓቕምን ከጉድል ይኽእል።

**ቅድሚ ግዜ ዕድመ ዝርአ ሕማም ረሲዕ**

ሕማም ረሲዕ ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድመኦም ሰባት እዩ ዘጥቅዕ። ኣብ ገለ ሰባት ግና ኣብ 40'ታት ወይ 50'ታት ዕድመ ይረአ እዩ። እዚ ቀልጢፉ ቅድሚ ግዜ ዕድመ ዝርአ ሕማም ረሲዕ ተባሂሉ ይግለጽ። እዚ ዓይነት ሕማም ረሲዕ ኣብ 5 ሚእታዊት ግዳያት ናይቲ ሕማም የጋጥም።

ቅድሚ ግዜ ዕድመ ዝርአ ሕማም ረሲዕ ምልክታቱ፡ ምጉዳል ዝኽረት፡ ጸገም ኣደህቦ፡ ዕለታዊ ንጥፈታት ናይ ምውዳእ ጸገማት ዝኣመሰሉ እዮም። ነገራት ናይ ምግላጽን ምርዳእን ድኽመት'ውን የርእዩ እዮም።

**ምርመራ ሕማም ረሲዕ**

ሕማም ረሲዕ ንምንጻር ወይ ንምልላይ ዘኽእል እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ግቡእ ሕክምናዊ መርመራታት ምክያድ እዩ። ኣብዚ እቲ ክኢላ ኣብቲየም ዝረአዩ ምልክታት፡ ድሕረ ባይታ ናይ ስድራ፡ ህሉውን ዝሓለፉን ሕክምናዊ ጸብጻባት ናይቲ ግዳይ፡ ኣመጋግባን ወልፍን ዝኣመሰሉ ኩነታት ኣካብራ ወዘተ ዘድኃቡ ዕሙቕ ዝበሉ መርመራ የካይድ።

እቲ ክኢላ ኣብ ደረጃ ብቕዓት ኣእምሮ ናይቲ ግዳይ ዝምልከት መርመራታት'ውን የካይድ እዩ። እዚ ናይ ሓጺርን ነዊሕን እዋን ዝኽረት ናይቲ ግዳይ ንምፍታሽ ዝኽእል እዩ።

እቲ ግዳይ ናይ ሱመትናዊ መርመራ ከም ዘካይድ'ውን ይግበር እዩ። እዚ ከም ወጥርን ቁዝቃዝን ዝኣመሰሉ ጥዕናዊ ጸገማት ከይህልዉ ንምልላይ ይሕግዝ።

ፍወሳ ንሕማም ረሲዕ

ሕማም ረሲዕ ንፍዋስ ብክኢላታት ሕክምና ዝወሃብ ግቡእ ክኽዕገን መድሃኒትን ኣሎ። ብወተወሳኺ ኣብ ኩነታት ኣነባብራ ለውጢን ኣደህቦን ብምክያድ ኑቲ ጸገም ንምቅላሉ ከም ዝከኣል እዩ ዝነገር። ግዳይን ኣላዩኡን ነቲ ጸገም ንምፍኳስ ክኢላታት ዝሀብዎም ምኽሪ፦

- ኣብ ዕዮ ወይ ስራሕ ከም ዝሕጸር/ ዘድህብ ምግባር፡
- ምድንጋራት ምእላይ፡
- ካብ ምትህልላኽ ምቑጣብ፡
- መዓልታዊ እኹል ዕረፍቲ ምርካብ፡
- ህዱእ ምኳን ወዘተ እዮም።

ኩነታት ኣነባብራ

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ ዓቕሚ ኣእምሮ ክብ ኣብ ዘብሉ ከም መጻሕፍቲ ምንባብ፡ ግድላት ምፍታሕ፡ መሳርሒ መዚቃ ምጽዋት ወዘተ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ኣብ ምኪያድ ዝተጸምዱ ሰባት ብሕማም ረሲዕ ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝተሓተ እዩ።


**ኣመጋግባ**

ናይ ባሕሪ መግብታት ምምጋብ ዘዘውትሩ ሰባት ብሕማም ረሲዕ ክጥቅዑ ዘለዎም ተኽእሎ ዝተሓተ እዩ። ብስቡሒ ዝተቐበበ መግብታት ምምጋብ ዘዘውትሩ ሰባት ብሕማም ረሲዕ ብቐሊሉ ተጠቃዕቲ ምዃኖም'ውን መጽናዕትታት የመልክቱ።

ካብ ሕማም ረሲዕ ምክልኻል

ሕማም ረሲዕ ንምጥፋእ ዝኽእል ፍሉጥ መድሃኒት ክሳብ ዘይሃለው፡ ነቲ ሕማም ንምክልኻል ዝኽእል ንጹር መንገዲ ክህሉ ኣይከኣልን እዩ። ይኹን'ምበር፡ ጥዑና ዘለዎ ኩነታት ኣነባብራ ምኽታል ሕማም ረሲዕ ንምክልኻል ዝኽእል ዝበለጸ ኣገባብ ምዃኑ እዩም ክኢላታት ዝገልጹ።

- ሽጋራ ዘይምትካኽ፡
- ስሩዕ ምውስዋስ ኣካላት ምክያድ፡
- ዝተመጣጠነ መግቢ ምውሳድ፡
- ኣብ ማሕበራዊ ህይወት ንጡፍ ምዃን ወዘተ ንተኽእሎታት ሕማም ረሲዕ ከጉድልዎ ከም ዝኽእሉ ይንገር።



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ኣተሃናንጻ ገጸ-ባህርያት

ኣብ ዝኾነ ድርሰት - ድራማ፡ ፊልም፡ ልቢ. ወለድ፡ ወዘተ. - ደረስቲ ምስ ዝሃንጽዎም ገጸ-ባህርያት (ጠባያት) ፍሉይ ምትእስሳር ይፈጥሩ። ማለት፡ ድርሰት'የም ብምባል ከም ግኡዛት ወይ ህይወት ኣልቦ ኣይርእይዎምን። ኣብ ልዕሊ ተኸታተልቶም ከም ዝሓድሩ ንኽነብሩዎም ደኣ ይጽዕሩ'ምበር ጽሕፍ-ጽሕፍ ኣቢሎም ሃሳስ ምስሊ ኣይህብዎምን። ልክዕ ከም ደቆም፡ ኣዕሩኽቶም፡ ኣቦኦም፡ ኣደኦም፡ . . . ብምርኣይ ኣብ ሓዘኖም ይሓዝኑ፡ ኣብ ሓጎሶም ይሕጎሱ። ድርሰት'የም ብምባልትሲ ሻላ ኣይርእይዎምን። ከምኡ እንተ ገይሮም፡ ድርሰቶም ሽባ ኢሉ ናብ ዕርቡ ምኻኑ ይርድኡ። ስለዚ፡ ግዜ ህቦም ህይወት ይዝርኣሉዎም። ምኽንያቱ፡ ደራሲ ዘይሓመሉ ገጸ-ባህሪ ተኸታታሊ ክሓምሉ ኣይክእልን። ስለዚ፡ ኣተሃናንጻ ገጸ-ባህርያት ምስ ዝውክሉዎ ስሚዒትን ክዉንነትን ዝኸይድ ኣመና ኣገዳሲ ክፋል ድርሰት'ዩ። እቲ ህቡብ ደራሲ ታሪኻዊ ልቢ-ወለድ ተሰፋዩ ገብርኣብ ምስ ዝሃንጾም ገጸ-ባህርያት ኣብ ዓሚቝ ስሚዒት ይኣቱን ምስኦም ብምድንጋጽ ደማ ክሰዕ ይኑበዕ ከም ዝበረን ይንገረሉ። ከምኡ ስለ ዝኾነ'ዩ ዝኸውን ተሰፋዩ ሕልፈ ካልኦት ዕወት ዝኾነ። ንዝሃንጾም ወይ ዝገልጾም ገጸ-ባህርያት ድማ ኣድቂቑ እዩ ዝፈልጦም። ኣድቂቕካ ዝፈለጥካዮ ኢኻ ኣድቂቕካ ክትገልጾ እትኽእል።

ከም ኣንባቢ ወይ ተኸታታሊ፡ ንዘረኣኻዮ ወይ ዘንበብካዮ ገጸ-ባህሪ ቅምጥ ኣሉ እትፈልጦ ሰብ ኮይኑ ዝስምዓካ እዋን ብዙሕ'ዩ። "እዝስ ቅምጥ ኣሉ ኩሱዩ እዩ!" እትብሎ ገጸ-ባህሪ ትረኽብ። ብዙሓት ንፉዓት ጸሓፍቲ፡ ባህርያትን ምንቅስቓሳትን ሰቡ ብደቂቕ ብምጽናዕ'ዮም ደሓር ገጸ-ባህርያቶም ዝሃንጽዎም። ገሊኦም ድማ ካብ ዝምስጥዎ ሰባት ተበጊሶም ገጸ-ባህርያት ይሃንጹ።

### ብኸመይ ገጸ-ባህርያት ትሃንጽ?

1. **ብቐጻሊ ሕሰቡ**

ብዙሓ ኣተሃናንጻ ገጸ-ባህርያት ኣብ እትሓስቡሉ እዚ ዝስዕብ ሕቶ ሕተት፡ "መን'የም እቶም ቀንዲ ገጸ-ባህርያትን እቶም ካልኣውያንን?" ቀንዲ ገጸ-ባህርያት፡ ንትልሚ ናይቲ ዛንታ እቶም ኣዘዋም ኣገደስቲ ኣካላት እዮም። እዞም ገጸ-ባህርያት እዚኣቶም ብምልኣት ዝግለጹን ኣብ ዝጠዘሐ 'ትርኢታት' ናይቲ ዛንታ ዝርአዩን ንቐንዲ ትሕዝቶ ናይቲ ዛንታ ዘርእዩን ዝጾሩን እዮም። ካልኣውያን ገጸ-ባህርያት ካብ ናይቶም ቀንዲ ብዝውሓደ ዝርዝራት ዝግለጹ ኣገደስቲ ኣካል ናይቲ ዛንታ እዮም። ዝኾነ ደራሲ፡ ንኹላቶም ዝሃንጾም ገጸ-ባህርያት ከም ተራኣም ኣብቲ ዛንታ ምሉእ ኣደህቦ ክህቦም ኣለዎ። ሓደ ገጸ-ባህሪ ናይ ጅግንነት ዛንታ ዝውክል እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ብቓላት ዘይተሳ ብተግባራት ጅግና ምኻኑ ክግለጽ ኣለዎ።

ሓደ ደራሲ ከመይ ገይሩ እዩ ኑዩም ገጸ-ባህርያት ከም እተለልዮም ክገብር ዝኽእል? እቲ ደራሲ፡ ሓደ ገጸ-ባህሪ እንታይ ከም ዝመስል ክምገሮ፣ ናይቲ ገጸ-ባህሪ ኣተሓሳስባን ተግባራትን ክገልጸልና፣ እቲ ገጸ-ባህሪ እንታይን ብኸመይን ከም ዝዛረብ ክሕብረና፣ ካልኦት ገጸ-ባህርያት ብዛዕባ'ዚ ገጸ-ባህሪ'ዚ እንታይ ከም ዝሓስቡን ዝብሉን ከርእየና፡ ወይ ዋኒን ናይቲ ገጸ-ባህሪ ክገልጸልካ ይኽእል'ዩ፡ ወዘተ። ብኸመይ እንተ ኢልና ድማ ብደቂቕ መጽናዕቲ ባህርያት ሰቡት ምፍላጥን ምትንታንን።

ብዙሓ ክትሃንጾ ዝደለኻ ገጸ-ባህሪ ኣብ እትሓስበሉ፡ ካብ ናይ ካልኦት ጸሓፍቲ ኣገባብ ክትቕዳሕ ትኽእል። ጥዑይ መወከሲ ክህልወካ ኣገዳሲ'ዩ። ንእኡ ግን ፍሉጦን ኣድንዖትን እምበር ኣይትቕድሓዮ። ብመንገዲ ገጸ-ባህርያትካ እንታይ ክትብል ደሊኻ ኣለኻ እትፈልጥ ንስኻ ጥራይ ኢኻ። ስለዚ፡ እቲ ክትብሎ ዝደለኻ ብጾብእ ንኽትብልን ተኣማኒ ንኽትከውንን ባህርያት ሰቡት ከተጽንዕ ኣሎካ። ደራሲ ኣለምሰገድ ተስፋይ ን"ወዲ ሓደራ" ከመይ ገለጾዎ? ምስቲ ፊልማ ሽፍታ ደሓር ተጋዳላይ ዝኾነ ገጸ-ባህሪ ከም እንገዓዝ ገይሩናዶ? ኣብቲ ዘርሞ ክንግረም፣ ኣብቲ ዘስሕቕ ክንስሕቕ፣ ኣብቲ ዘሰንብድ ክንሰንብድ፣ ክኢልናዶ? ኣብ ዘንበብናዮ ዛንታ ወይ ኣብ ዝረኣናዮ ፊልም ዘሎ ገጸ-ባህሪ ብምንታይ ኣልልዮ? ንፈትዎን ንጸልኦን እንተ ኾንና ስለምንታይ? ኣብ እንዳ ዝሞም ዘሎ ሓንጣል ወይ ማሰፍን ከመይ ንገልጾ?

2. **ኑቲ ገጸ-ባህሪ ተንትኖ**

ተግባራት ናይቲ ገጸ-ባህሪ ኑቲ ዝውክሎ ሰብ ከም ዝመስል ኣረጋግጽ። ጩኸን ገጽ እናኣርኣኻ ለዋህ መልእኽቲ ክትመሓላልፍ ዝከኣል ኣይመስለንን። ገጸ-ባህርያት፡ ኑቲ ኣብ ሓቀኛ ህይወት ዘሎ ዝውክሉዎ ሰብ ክመስሉ ኣለዎም። ገጸ-ባህርያት ኣብቲ ሓቀኛ ዓለም ሰብ እንታይ እዩም ዝውክሉ? ኑቲ ዝውክሉዎ ብጾብእ ንኽብሉዎ ኣብቲ ሃናጺ ዛንታ ዝምርኻስ እዩ። ገጸ-ባህርያት ግን ካብ ፊልማ ክሰዕ መውዳእታ ናይቲ ዛንታ ብዓቢ ደረጃ ክቕየሩ ወይ ክምዕብሉ ይኽእሉ ወይ ኣለዎም። እንተ ዘይማዕበሉም ድማ ዘይመማዕበሊኦም ቅቡል ምኽንያት ክህሉ ኣለዎ። እቲ ለውጢ በቲ ገጸ-ባህሪ ክንጸባረቕን ብፍጻመታት ናይቲ ትልሚ ክግለጽን ኣለዎ።

ኑቲ ዝወሰድካዮ ምርጫ ደጊምካ ርአዮ። እቲ ገጸ-ባህሪ እንታይ ከም ዝመስል፡ ዝኸደን ዝሓስቦን ዝብልን ዝገልጾን ጽሑፍ ኣዳሉ። ኣብ መንጎ'ቲ ዝመረጽካዮ ገጸ-ባህርን ካልኦት ገጸ-ባህርያትን ዘሎ ርክብ ኣስተብህሉ።

3. **ዝሓዝካዮ ጽሑፍ ወድቦ**

ኣቐዲምካ ብዙሓ ኣብ ሓደ ዛንታ እትሃንጾ ገጸ-ባህሪ ዝገልጽ ዝርዝራት ኣብ ጽሑፍ ኣስፍር። ካልእ ብለጽ ዛንታ ምውካስ ዝበለጸ ኣገባብ'ዩ። ኣብቲ ዝበለጸ ዛንታ ዘሎ ኣተሃናንጻ ገጸ-ባህርያት፡ ኣብ ንሓድሕዶም ዘሎ ምትእስሳርን ምፍልላዮን፣ ኣመዓባብላ ናይቶም ገጸ-ባህርያት፡ ሕብሮም፡ ምስሎም፡ ግብሮም ብምትንታን ከም መወከሲ. ናይቶም ክትሃንጾም እትደሊ ገጸ-ባህርያት ተጠቐመሉ። እንተ ኾነ ምስ ዛንታኻ ዝኸይድ ናትካ ህዝ ደኣ'ምበር ቅዳሕ ናይቲ ዝረኣኻዮ ኣይትኹን። ፈለማ ንገጸ-ባህርያትካ ዝገልጽ ንድፊ ጽሑፍ ኣዳሊኻ ብጾብእ ወድቦ። እቲ ገጸ-ባህሪ እንታይ ክመስል፡ ክኸይድ፡ ከመይ ክዛረብ፡ ክሓስብ፡ ወዘተ. ጥራይ ዘይኮነ ብኸመይ ኣገባብ ክምዕበል'ዩ ኣብቲ ጽሑፍካ ንደቆ። ከምቲ ቅድሚ ሓደ ህንጻ ምህናጹ መሃንድሳት ኣብ ወረቐት ንድፊ ዝሰድፉ፡ ደረስቲ ድማ ቅድሚ ዛንታ ምህናጾም እዩም ምስሊ ገጸ-ባህርያቶም ስኢሎም ዝውድኡ።

ዛንታኻን ገጸ-ባህርያትካን ኣራኽቦም

ኻፍሲ.ወነፍ ሕጠብጸሓፍ፡ ቀንዲ ትሕዝቶ ናይቲ ሕጠብጸሓፍ ዝገልጽ "ኣርእስቲ ምሉእ-ሓሳብ" ክህልዎ ኣለዎ። ኩሉ'ቲ ኣብታ ሕጠብጸሓፍ ዘሎ ምሉእ-ሓሳብ ድማ ነቲ "ኣርእስቲ ምሉእ-ሓሳብ" ዝድግፍ ክኸውን ኣለዎ። ኣብ ንሓድሕዱ ተመሳሊሉ - እንተስ ንጽቡቕ እንተስ ንሕማቕ - እዩ ዛንታ ዝህጽ።


እቲ ክትጽሕፈሉ ዝደለኻ ገጸ-ባህሪ "እሙን ከልቢ" እዩ ንበል ንኣብነት። ኣርእስቲ ምሉእ-ሓሳብካ እምበኣር "ታርዛን ዓቃል፡ ሓያል፡ እሙንን ፈቃርን እዩ" ክኸውን ይኽእል። ከምኡ ዝመሰለ ኣርእስቲ እናሃብካ፡ ዛንታኻ ከተማዕብሎን ምስ ታርዛን ኑቲ ኢልካዮ ዘለኻ ባህርያቱ ዝገልጽ ጠባያቱ ብምህናጽን ዚያዳ ከተጓልዮ ትኽእል።

ገጸ-ባህርያትካ ንተኸታታሊኻ ይመስልዶ? ይወቕሎዶ? ናተይ ይብሎዶ? ይኣምኖን ይቕበሎንዶ? እዚታት ኣገዳሲ ሕቶታት ኣብ ኣተሃናንጻ ገጸ-ባህርያት እዮም። ብመንገዲ እትሃንጾም ገጸ-ባህርያት ኢኻ መልእኽቲ ናብ ተኸታታሊኻ እተመሓላልፍ። ከም ሻሙ ጥፍዕጥፍዕ ዘበልካዮ ገጸ-ባህሪ ጽቡቕ ዛንታ'ውን እንተ ጸሓፍካ፡ ኣብ ጌጋ ባኒ ከም ዘእተኻዮ እዩ። ገሊኡ ድርሰታት ካብ ክዉንነት ወጻኢ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ስለዚ ድማ እቶም ዝሀጹ ገጸ-ባህርያት ዝተጋሑ ኣብ ክዉንነት ዘየለው፡ ንዖና ንሰባት ዘይመስሉ ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። እዚ ካልእ ዛንታ'ዩ፡ ካልእ ጥበብ ከኣ'ዩ።

ዓቢ ዛንታ ንህዝ፡ ብመንገዲ ዝሃጽናዮም ገጸ-ባህርያት ከአ ዛንታና ንነግር።

## ደሃይ ሕትመት

ሰሉስ 18 ለካቲት 2025፡ "መን'ዩ ተሓታቲ፤" ዘርእስቱ ብመምህር ተስፋይ ገብረመስቀል ዝተደርሰ ልቢ. ወለድ መጽሓፍ ኣብ ኣዳራሽ ኤርትሮ-




ጀርመን ምስ ኣንበቢቲ ተላልዩ። ኣብቲ ዕዱማት ኣጋይሽ፡ ሞያውያን ስነ-ጽሑፍ፡ መቕርብቲ ፈተውትን ደራሲ ዝተረኽቡሉ ኣጋጣሚ፡ ምስ ትሕዝቶ መጽሓፍ ዘላሊ መደባት ብደረስትን ኣብ ስነ-ጽሑፍ ብዘለዎም ሰባት ቀሪቡ።


ኣባል ሃገራዊ ማሕበር ዓይነ ስዉራን ኤርትራ ኣቶ ዳዊት ሃብተ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኑቲ ተበግሶ ብምንኣድ፡ ኣብ ሃገርና ብዓይኑ ስዉራን ተጀሚሩ ዘሎ መጻሕፍቲ ናይ ምትርጓምን ምድራስን ዕማም ንኢዱ።

ደራሲ መጽሓፍ "መን'ዩ ተሓታቲ፤" ዓይነ ስዉር መምህር ተስፋይ ገብረመስቀል፡ ኣብ ምድላው እታ መጽሓፍ ዝሓለፎ መስርሕ ብምግላጽ፡ ንኹሎም ዝተሓባበሩዎ ኣመስጊኑ።

ኣብ 18 ዝርያ ናብ ሳዋ ዝወረደ መምህር ተስፋይ፡ ኣብ 2010 ካብ ኢንስቲትዩት ቴክኖሎጂ ኤርትራ (ማይ-ነፍሒ) ብዓውዲ ታሪኽ ቀዳማይ ዲግሪ ኣለዎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ደምበ ሰምበል ይምህር ኣሎ።

ኣቶ ምሕረትኣብ ወልደጊዮርጊስ ዝጸሓፎ፡ "ጸሊም ታሪኽ" ዘርእስቱ ንምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ 1998-2000 ዝገልጽ መጽሓፍ ውልቃዊ ተመክሮ፡ ዓርቢ 21 ለካቲት 2025 ኣብ ኣዳራሽ ሆቴል እምባሶይራ ምስ ኣንበብቲ ተላልዩ።

እዚ መጽሓፍ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ነበርቲ ኢትዮጵያ




ዝተፈጸመ ግፍዓዊ ምስጓግ፡ ተመክሮ ደራሲኡ ማእከል ገይሩ ናይ ዝተፈላለዩ ግዳያት ዛንታ ዝትርኽ እዩ። መጽሓፍ "ጸሊም ታሪኽ" ኑቲ ዛጊት ብምልኣት ዘይተዋገረሉ ዘስደምም ተግባራት ወያነ ኣብ ምስጓግ ኤርትራውያን ጭብጥታት ብምቕራብ፡ ኑቲ ኣብ ልዕሊኡ፡ ልዕሊ ስድራቤቱን ኣሽሓት ኤርትራውያንን ዝተፈጸመ ግፍዒ ዝተፈላለዩ ጽሑፋት ብምውካስ ይትርኽ።

ደራሲ፡ ካብ ድሕሪት ተበጊሱ ኤርትራውያን ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉሉ እዋን፡ ተራ ኤርትራውያን ኣብ ምዕባለ ኢትዮጵያ፡ ሃብትን ንብረትን ኤርትራውያን ኣብ ኢትዮጵያ፡ ጠንቂ ናይቲ ምስጓግ፡ ዝወረደ ግፍዒ፡ ዝተራእየ ተንኮላት፡ ወዘተ. ብምጥቃስ ሰፊሑዎ ኣሎ። "ንመጻእቲ ወለዶ'የ ኣዘንትየዮ፡" ዝበለ ኣቶ ምሕረትኣብ፡ እቲ መጻሕፍቲ ንኣብያተ-ንባብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ከም ዘወፈዮ ገሊጹ።

ግዳይ ናይቲ ግፍዒ፡ ፕሮፌሰር ተስፋይ ተወልደ፡ ቃለ-ምስክርነት ከቕርብ እንከሎ፡ ዝተፈላለዩ ሞያውያን ምስ ትሕዝቶ መጽሓፍ ዘላሊ ትሕዝቶ ኣቕሪቦም።

ደራሲ፡ ኣቐዲሙ'ውን "ምስሊ ስደት"፡ "መሬት ተዛሪቢ"፡ ከምኡ'ውን "ኤርትራውያን ኣብ ኣመሪካ" ዝበሃላ መጻሕፍቲ ኣሕቲሙ እዩ።




ድኻን ሃብታምን



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Senior Logistics Supervisor – Massawa Port
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite
Major Duties and responsibilities

- Assume full responsibility for all inbound and outbound cargo into Massawa port.
- Liaise with port authorities on all matters regarding documentation, equipment usage, port compliance
- Liaise with freight partners and consultants
- Handle and prepare port, shipping, commercial and clearance documents
- Assist in executing Logistics Processes and Strategy and KPI excellence.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Ensure safety is observed in all port work stations.
- Act as Port safety representative.
- Co-ordinate logistics activities between the Mine, Port, Suppliers and Customers.
- Assume full responsibility of movement of mine production to port and further to customers. (DSO, concentrates etc.).
- Prepare port, shipping, commercial, clearing documents etc. (Including truck returns, Bills of Lading,
- Liaise with suppliers, including trucking, vessel companies on optimal and efficient material movement programs
- Liaise with company commercial agents, vessel agents, marine agents and port authorities.
- Liaise with Mine Production departments and supply Chain.
- Establish and maintain performance metrics (including but not limited to logistics turnaround times, material usage and cost control).
- Produce monthly and adhoc logistics reports.
- Mentor subordinates.

Profile: Qualifications and Experience

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Degree in Business or Logistics<br>• Good Systems and Microsoft tools knowledge |
| Working Experience – Nature & Length | • 5 years Logistics (preferably maritime)<br>• Knowledge of Export and Import Logistics<br>• 2 years Supervisory role, foreman and equivalent role |
| Technical Skills | • Minimum 5 years' Experience in Logistics<br>• General understanding of logistics processes. |
| Behavioral Skills | • Communication (English & local language)<br>• Analytical and problem shooting mindset.<br>• Results oriented<br>• Ability to work toward strict deadlines<br>• Assertiveness<br>• Strong Interpersonal skills<br>• Discretion<br>• Integrity<br>• Self-discipline<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment<br>• Risk management & assessment |

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.
- Applicants Should Attach Authenticated Educational Documents.
- Applicants Should provide letter of service from former employers.
- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Non-Eritrean applicants:

Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

---

ወ/ሮ ኣድያም ተስፋስላሴ ኪዳኑ ዝተፈቕደለን ናይ መሸጣ ኮንጎን ሽበጥን ንግዳዊ ትካለን "ሂወት ገብራይ መሸጣ ኮንጎን ሽበጥን (HIWET GEBRAY RETAIL Of PLASTIC & RUBBER PRODUCTS) ተባሂሉ ክሰየማለን ስለ ዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ወሃቢ ንግዲ

---

ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 3/05 ጎደና ሰረቐብርሃን ቁ.ገዛ 38 ዝርከብ፡ ብስም ያቆብ ሰንጋል ተስፋ ብቑ.ምስክር ዋንነት 105496 መወከሲ ቁጽሪ 124712 ኣብ ቤ/ጽ/ኮምሽን ኣባይቲ ናይ ዝተመዝገበ ምስክር ዋንነት ገዛ (ሊብሬቶ) ስለዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸቦ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ተሌፎን 07183254 ክሕብረኒ፡ እንተዘይኮይኑ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ጽገወይኒ ያቆብ ሰንጋል

---

ካብ መዋቲ ኣቦና ነፍ/ኣባይ ወልደገብርኤል ተወሊዱ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ኣስመራ ቲራቮሎ ዞባ 4 ምም. ጎደና ኣዲስ ኣበባ ነር ዝርከብ፡ ብኮምሽን ኣባይቲ ዋንነት ደብተር ቁጽሪ 121830 መወከሲ ቁጽሪ 117496 ብስም ኣቦና ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ቀንዲ (ኦርጂናል) ዋንነት ደብተር (ልብሬቶ) ብዘይተፈልጠ ምኽንያት ስለ ዝጠፍኣና፣ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ኣለኹ ዝብል እንተሎ፡ ብቑጽሪ ተሌፎን 07113667 ክሕብረና፡ እንተዘይኮይኑ ግን መተካእትኡ ክወሃበና ክንሓትት ምዃንና ንሕብር፡፡

ወረ/ነፍ ኣባይ ወልደገብርኤል

---

ኣነ ወ/ሮ ማክዳ ብርሃነ ሃብተየም፡ ካብ ወ/ሮ ኣለም እምሃ ኣርኣያ +5 ዝዓደግክዎ ገዛ፡ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ዞባ ሰሜናዊ ዚፕ ኮድ 1A835፡ ጎደና 835-8 ቁ.ገዛ 10 ኘሎት 17 ፓርሰል D ዝርከብ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቑ.ንብረት 1BRASM019254/ዝተመዝገበ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጸም ምዃንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ማክዳ ብርሃነ ሃብተየም

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሳራ ጉብረኣብ ጉብረሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ግርማይ መዃንትኣብ ካሕሳይ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ምሶጎና ጉብረዝበ፡ ኣደይ ኤደን ሃይለ በይን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ጀማል መሓመድ ሓሰን ምባል ተረፉ፡ ጀማል መሓመድሓሰን ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ሓበን መዃንትኣብን ተኸሳሲ ኣቶ ሳሙኤል ኢሳቕን ዘሎ ናይ ሓዳር ክርክር፡ ተኸሳሲ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቕረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ፣ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ኣብርሃም ጉብረገርግሽ፡ ተጻዋዕቲ ወ/ሮ ጽገሃና ጉብረገርግሽ 2.ወ/ሮ ኣዜብ ጉብረገርግሽ ናይ ወሃብቶ ምጽዳቕ ክሲ ተማሲራቲ ስለዘሎ፡ ን14/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቕረባ፡ እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽናሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳሊ ወ/ሮ ምሉእ ብስራትን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ሳልሕ መሓመድ ኣቶ መሓመድ ሓሰንን ዘሎ ናይ ፈጸሚ ክርክር፡ ብፍ/በ/ዕዳ ኣድራሻኹም ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቕረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ኣሙት ካሕሳይ ገ/ማርያም፡ ብዓል ቤተይ ጉብረዝጊኣብሄር ሞገስ ገርግሽ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃብተማርያም ሃብታይ ፍስሃየ ምባል ተረፉ፡ መሴ ሃብታይ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሓይለኣብ ኢሳቕ ደብሳይ፡ ኣዴና ምሕረት ደብሳይ ተስፋጋብር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ህልዊት ሓፍተይን 6 መውትቲ ኣሕዋተይ ተተካእቲ ደቆምን ደቂ ደቆምን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የዲት ተኽለሃይማኖት ጉብረገርግሽ ምባል ተረፉ፡ የዲት ተኽለሃይማኖት ተኽለጊየርጊስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰገን የማነ ትኳቡ ስም ኣደይ መሓሪት ምባል ተረፉ፡ ምሕረት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ግደማርያም ጉብረየሱስ ዑቑቡ ምባል ተረፉ፡ ግደ ጉብረየሱስ ዑቑቡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ተስፋትኣል ሰመረ በርሀ ምባል ተረፉ፡ የውሃንስ ሰመረ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ እዮብ ጀማል ዓብደልዓለም ምባል ተረፉ፡ ዓብደልዓለም ጀማል ዓብደልዓለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ ሰናዳ ልኡል ኣርኣያ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዓወት ብርሃ ሃብቱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኣቶ ኢሰያስ ሃይለ ተኽሉ፡ ኣዴና ኣስመረት ነጋሽ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊ ተስፋጋብር የሕደጎ ምባል ተረፉ፡ መርሃዊ ደባብ ወርደፉ ታየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ኣሕመድ ሰሌማን ዲኒ ምባል ተረፉ፡ ኣሕመድ ሰሌማን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ነጋሲ ፈዳይ ዑቕባይ፡ ኣደይ ኣልጋሽ ብርሃ ፍረኣብ ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ኣንገሶም ንጉሴ ወለድና ኣንገሶም ንጉሰ ጉብረሂወትን ሸዋይጃ ተስፋይን ስለዝዋረፉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኪዳነ በርሀ ኣሰገዶም ምባል ተረፉ፡ ኣረም በርሀ ኣሰገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሪውዳ እድሪስ ዑመር ምባል ተረፉ፡ ለይላ እድሪስ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጾሮና

ከሳሲ የናስ ፍስሃየ ኣብዬ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ የርዳኖስ ጸጋይ ፍትዊ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ት/ዕድመ ስልጣን ደሰለ ምባል ተረፉ፡ ሰመረ ስልጣን ደሰለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕድመ መርሃዊ ወልደጉብርኤል ምባል ተረፉ፡ ሰም ወልደጉብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚካኤል ጉይትኦም ተስፋይ፡ ሓፍተይ ትወን ጉይትኦም ተስፋይ ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ሳባ ጉብረማርያም ኪዳኑ፡ ኣደይ ለተብርሃን ኣሰገዶም ምሶጎና ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲ ምሶጎና ሰዩም ጉብረይ፡ ተኸሳሲት ዘውዲ ይሕደጎ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ዓዚዝ ማሕርት ኣብርሃ ምባል ተረፉ፡ ሬድዋን ማሕርት ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ርስቀይ ያሲን ርስቀይ ምባል ተረፉ፡ ዓብደልረዘቕ ያሲን ርስቀይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ፋጥና ዑስማን መሓመድዓሊ ምባል ተረፉ፡ ፋጥና ዑስማን መሓመድ ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርየም ማሕሙድ እድሪስ፡ ስም ት/ዕደመ ወደይ መሓመድ እድሪስ ዓብ ምባል ተረፉ፡መሓመድ እድሪስ ዓብዱ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣዱንያ ቀለት ተፈሪ ምባል ተረፉ፡ ኣለም ቀለት ተፈሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ካሳ መተሃን መንገሻ፡ ወለድና መተሃን መንገሻ ተድላን ጸሃይቱ ተሰፉ ተኽሊዩን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ፍስሃጼን ምሕረትኣብ ኣሚኑ፡ ኣብ ከረን ከባቢ 04 ዞን 02 ዚፕ ኮድ 6K-1381 ፕሎት 269 ዝርከብ መንበሪ ገዛ ኣብ 1983 ካብ ኣቶ እስቲፋኖስ መሴ ዝዕደግኩዎ ናብ ስመይ ይመሓለለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ኣቶ ተስፋዝጊ ታፍላ ጎይትኦም፡ ሓፍተይ ወ/ሮ ምሕረት ታፍላ ሕፃግዜ ነቲ ቀዋሚ ንብረታ ሓደ ገዛ ኣብ ሓጋዝ ዝርከብ ኣብ ዞን 1 ብሎክ 82 ፓርሰል ቢ ዝኾነ 2 ጉ ካንቸልኡ ዕጹው ኮይኑ፡ መዳውብቲ ብሰሜን ምስ ጎደና፡ ብደቡብ ምስ ኣቶ የማነ ወ/ማርያም፡ ብምብራቕ ምስ ኣቶ ዓብደላ፡ ብምዕራብ ምስ ኣቶ ዑቕባይ ዝኾነ ብሀያብ ዝሃበትኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።




ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቑ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቑ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!


## Notice

Notice is hereby given to the public the current shareholder and heir of the deceased members of "Galaxy General Electrical Private Limited Company' in their extraordinary meeting conducted 29th day of January 2025 have passed the following resolution.

1. Feven Tewelde Yishak is admitted as a new member contributing 20 shares at par value Nakfa 1,000.00 for each share equivalent to Nakfa 20,000.00 (Twenty thousand).
2. The shares of the company have increased from 1000 to 1020 and the capital is increased to Nakfa 1,020,000,00 (One million twenty thousand)
3. The new shares of the members are managed as follows:

| Name | No. of Shares | Value in Nakfa |
|---|---|---|
| Mr. Bereket Mebrahtu Gebrendrias | 737 | 737,000.00 |
| Mr. Yohannes Mebrahtu Gebrendrias | 263 | 263,000.00 |
| Mrs. Feven Tewelde Yisehak | 20 | 20,000.00 |
| Total shares | 1020 | 1,020,000.00 |

*"Galaxy General Electrical Private Limited Company'*

ሻባብ
ሃማመተኤ

ሬፖርታዥ

# ዑደት ተመሃሮ ናብ ድፋዓት ገንፈሎም







ቤትኤል ሰለሙን

1976፡ "ቊርስና ወኪ ዛግር፡ ምሳሕና ኣፍዓበት፡ ድራርና ናቕፋ" ኢሉ ዝፍክር ዝነበረ ብሻምበል ዓበን ሻምበል ካሕሳይን ዝምራሕ ዓርሞሽሽ ሰራዊት ደርግ፡ ኣብ ድፋዓት ገንፈሎም ተሰትዩ ዝተረፈሉ እዋን እዩ ነይሩ። ሽዑ ድማ እዩ፡ "ሳሕል ኢለን ተበጊሰን ንኽሓልፋ፡ ረኺብአ እባ የለን ተሰፋ" ተባሂሉ ዝተደርፈ። ድፋዓት ገንፈሎም፡ ብ'ጎቦ ገለንዲ' ወይ ብልሙድ ኣጸዋውዓ 'ዓጎምበስታ' ተባሂሉ ብዝፍለጥ በሪኽ ጎቦ ተኣሳሲሩ ክሳብ ክሳድ መስሓሊት ዝዝርጋሕ ሰንሰለታዊ ዕርድታት ዝሓቑፈ ስፍራ እዩ።

ድፋዓት ገንፈሎም ካብ 1975 ንደሓር ኣዝዩ ብርቱዕ ውግኣት ኣአንጊዱ እዩ። ኣቃውማ ህዝባዊ ሓይልታት ኣብቲ እዋን ብደረጃ ቦጦሎኒ እዩ ነይሩ። እቲ 1975 ናብ ናቕፋ ዝኸይድ ዝነበረ ኮለኛ ጸላኢ፡ በተን ኣብኡ ዝዓረዳ ክልተ ቦጦሎኒ'ዩ ኣብ ድብያ ኣትዩ። ንዓቕሚ ተጋዳላይ ዘግሃደ እዩ ነይሩ።

ህዝባዊ ሓይልታት፡ ብ1976፡ ነቲ ኣብ ናቕፋ ዝነበረ ሰራዊት ደርግ ኣብ ከበባ ኣእትዩዎ ኣብ ዝነበረሉ፣ ሰራዊት ደርግ ዝተኸበ ሰራዊትቱ ንምድሓን ብዙሕ ፈተነታት ኣካይዱ እዩ። ኣብ ድፋዓት ገንፈሎም ዓሪዱ ንዝነበረ ተጋዳላይ ህዝባዊ ሓይልታት ንምፍንጣስ'ውን ሓደ ካብቲ ዘካየዶ ፈተናተታ'ዩ። ልዕሊ ሰላሳ መዓልታት ዝወሰደ መሪር ደማዊ ውግእ ድማ ተኻይዱ።

እቲ ብቐትርን ብለይትን ዝካየድ ዝነበረ ውግእ ንጽንዓት፡ ተዓጻጻፍነትን ኒሕን ተጋዳላይ ኣንጸባሪቑ እዩ። ታሪኽ ከም ዝሕብሮ፡ ኣብቲ ዝተኻየደ ውግእ ካብተን ዝድብድባ ዝነበራ ነፈርቲ ብኸቢድ ብረት ተሃሪማ ክትወድቕ ብምኽኣላ፣ ንጸላኢ ውድቀቱ፡ ንተጋደልቲ ዓወት ዘበሰረት ፍጻመ ነይራ። ስርዓት ደርግ ስዕረቱ ምቕባል እንኮ ምርጫ ስለዝወሰዶ፡ ብለይቲ ናብ መበገሲ ቦትኡ ተመልሰ። ብድሕሪ'ዚ ኣብ 1978'ውን ኩናት ተኻይዱ እዩ። ኣብ 1988 ናደው እዚ ኣብ ዝፈረሰሉ ግዜ፡ ነቲ ካብ ከረን ረዳት ዝመጽአ ይኹን፡ ካብ ኣፍዓበት ክመሉቖ ዝፈተነ ሰራዊት ጸላኢ'ውን ኣብ ድፋዓት ገንፈሎም ዝትረፈ ፍጻመ እዩ።

እዚ ታሪኽ ሓደ ካብቲ ንጅግነትን ትብዓትን በቲ ሓደ፣ ንዝተኸፍለ ረዚን ዋጋ ድማ በቲ ኻልእ ዘነጽር ኣካል ታሪኽ ሰውራዊ ቃልስና እዩ። ሃማመተኤ ከኣ ከም ኣካል ዕላማታቱ፡ ንተመሃሮ ታሪኾም ዝፈልጥሉ ባይታ ኣብ ምጥጣሕ ሓያል ጻዕርታት የካይድ ኣሎ። ከም መቐጸልትኡ ኣብ ትሸዓተ ንኡስ ዞባታት ዞባ ዓንሰባ፡ ካብ ዝርከባ 23 ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ንዝተዋጽኡ 99 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 170 ተመሃሮ፡ ናብ ታሪኽ ዝተፈጸመሉ ድፋዓት ገንፈሎም ዑደት ብምክያድ፡ ብሰብ ውዕሎ ዝተገልጸ ናይ ዋርሳ መደብ ኣካይዱ ነይሩ።

እቲ ብ5 ለካቲት ዝተኻየደ ዑደት፡ ተመሃሮ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ካብ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ብእግሪ ጉዕዞ እዮም ናብቲ ስፍራ በጺሖም። ነቲ ሓሙሽተ ኪሎ ሜተር ዝሸፈነ ናይ እግሪ ጉዕዞ መደብ ድሕሪ ምዝዛም፡ ንኹሉ እቲ ዝነበረ ኵነታት ብደቂቕ ክዕዘቡ ኣብ ዘኽእል ጎቦ ብምድያብ መደብ ብዝኽረ ሰማእታት ፈለሙ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ኣቶ ኣዛዚ በረኸተኣብ ኣብ መእተዊ እቲ መደብ ኣብ ዘስምዖ ቃል፣ ተመሃሮ ታሪኾም ንምፍላጥ ማሕበር ካብቲ ብቐዳምነት ዝሰርሓሉ ዘሎ መደብ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ናብቶም ታሪኽ ዝተፈጸመሎም ስፍራታት ብኣካል በጺሖም ታሪኽ ብቐረበት ክትፈልጥ ዝያዳ ኣርባሒ ምዃኑ ገሊጹ።

ካብቶም ነቲ ፍጻመ ክገልጹ ዝተዓደሙ ሰብ ውዕሎ፡ ናይ ሽዑ ተጋዳላይ ናይ ሎሚ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቱሪዝም ኣቶ ሳልም ዓሊ ሳልም እዩ ነይሩ። ብዛዕባ ኣተሓሕዛ ድፋዓት፡ ዝነበረ ዓቕሚ ሰራዊት ደርግን ተጋዳላይን ብምንጽጻር፡ ንዝተኸፍለ ዋጋ፡ ንኽብደት እቲ ኩናትን ንሞራል ተጋደልትን ዘንጸባርቕ ሰፊሕ መበርሂ ሂቡ። ብተወሳኺ'ውን ኣብቲ ከባቢ ዝነበረ ህዝቢ ኣብ ምዕንጋል ሰራዊት ልዑል እጃም ከም ዝነበሮ ኣነጺሩ።

ኣቶ ሳልም ነቲ ማሕበር ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት ኣመልኪቱ፡ ሃማመተኤ ንሓድሽ ወለዶ ታሪኽ ንምትሕልላፍ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ ብምምጓስ፡ መንእሰያት ረዚን ዋጋ ከፊሎም ዘምጽእዎ ሰላም ንዘልኣለም ተዓቂቡ ክነብር፡ ተመሃሮ ፍልጠት ዓጢቖም ኣብ ልምዓት ሃገሮም እጃሞም ከበርክቱ፡ ኣብ ትምህርቶም ከኣ ብትግሃት ክዓዩ ከም ዝግባእ ኣዘኻኺሩ።

"ኩሉ ጅግንነት ዝተፈጸመሉ ድፋዓትና ኣካል ቱሪዝማዊ ጸጋታትና እዩ፡" ዝበለ ኣቶ ሳልም፣ ነቲ ብኹሉ በጻሒ ተሃራፊ ዝኾነ ታሪኻዊ ሃብትና ብኣካል ብምብጻሕን ብምዕዛብን ታሪኽ ተወራሪሱ ንኽኸይድ ዘይንዓቕ ኣበርክቶ ስለ ዘለዎ ብቐጻሊ ክሰርሓሉ ብምምሕጻን፡ ተሳተፍቲ ዑደት ነዚ ዝፈለጥዎ ታሪኽ ናብ መሳትኦም ዘኾኑ ተመሃሮ ከመሓላልፉ ተላብዩ።

ካፒተን ሳልሕ ዑስማን (ወዲ ሓሊማ)፡ ከምኡ'ውን ኣማሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ገንፈሎም ኣቶ ማሕሙድ እድሪስ ዓሊ ብግዲኦም፡ ንውልቃዊ ተመኵሮኦም ኣብ ገድላዊ ህይወት ብሓፈሻ፡ ኣብ ድፋዓት ገንፈሎም ዝተኻየደ መሪር ውግኣትን ህዝባዊ ሓይልታት ዝፈጸሞ መስተንክራዊ ፍጻመታትን ዘጠቓለለ መግለጺ ብምቕራብ፣ "እቶም ናጽነት ዘምጽኡ ኣብ ክሊ ዕድመ ናትኩም ዝነበሩ ሰብ ዕላማ እዮም። ንሓለንጊ ሰውራ ካብ ሱሩ ንምምሓው ህይወቶም ከፊሎም። ንዝተረኽበ ሰላም ንምዕቃብ ብትምህርቲ፡ ብስራሕ ናብ ቅድሚት ናይ ምምራሕ ሓላፍነት ናትኩም እዩ። ስለዚ ፈተውቲ ዓድኹም፡ ኣኽበርቲ ታሪኽኩምን መንነትኩምን ክትኮኑ ይግባእ፡" ክብሉ ናብ ተመሃሮ ዝቐንዐ ለበዋ ኣመሓላሊፎም።

ተሳተፍቲ ተመሃሮ ብግዲኦም፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ትረኻን ዋርሳን መደባት ንኹሉ ዜጋ ብሓፈሻ ንተመሃሮ ከኣ ብፍላይ ኣገዳስነቱ ልዑል ብምዃኑ ዘቕጽለሉ መንገዲ ክናደ ብምምሕጻን፡ ክበርሃሎም ንዝደለዩ ተወሳኺ ሕቶታትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦምን መግለጺ ተዋሂብዎምን።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ፡ ሃማመተኤ ኣብ ምብራኽ ንቕሓትን ምሕያል ውዳበን ዘተኰረ ስልጠናታት ዝሃቦም ተመሃሮ ኣመሪቑ ነይሩ። እቲ ካብ 27 ጥሪ ክሳብ 5 ለካቲት ኣብ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ዝተዋህበ ስልጠና ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት፡ ኣካል ዓመታዊ ዝካየድ መደባት ማሕበር ኮይኑ፡ ተመሃሮ ንቕሓቶም ኣበሪኾም ኣብ ኣብያተ-ትምህርቶምን ከባቢኦምን ንዝካየዱ መደባት ንጡፋት ተዋሳእቲ ንምግባሮም ዝዓለመ ምዃኑ ኣብቲ ናይ ምምራቕ ኣጋጣሚ ተገሊጹ ነይሩ።

ልቦና ኣነቓቓሒ ዛንታ

## ዘይምሕላል

ኣብ ናይ ባንክ ሕሳብካ 86,400 ናቕፋ መዓልታዊ ይቕመጠልካ ኣሎ። እዚ ንመዓልቲ ግድን ትጥቀመሉ'ዩ፣ ዝሓድር ወይ ዝውህለል ገንዘብ የብልካን። ምሸት-ምሸት እቲ ዘይተጠቐምካሉ ገንዘብ ካብ ሕሳብካ ክእለ እዩ። እሞ በዚ ሰልዲ እንታይ ምገበርካ? ነፍሲ ወከፍ ናቕፋ ካብ ሕሳብካ ኣውጺእካዶ ምተጠቐምካሉ? ቅድሚ ንባብ ምቕጻልካ'ባ ንእሽተይ ሕሰብ!

"መን'ሞ ክህበኒ?" ዶ ኢልካ!? ተመሳሳሊ ባንክ ንኹልና ኣሎና። "ግዜ" ድማ ተባሂሉ ይጽዋዕ። ንግሆ-ንግሆ 86,400 ካልኢታት ኣብ ሕሳብካ ይወሃበካ።

ካብዚ እቲ ዘይተጠቐምካሉ ገንዘብ (ካልኢት)፡ ብላሽ ወይ ኮንቱ ተባሂሉ ይስረዝ። ካብተን ናይ መዓልቲ መቑንንካ፡ ንላዕሊ ክትልቃሕ ወይ ልዕሊኣን ክትጥቀም ኣይከኣልን። ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ፡ ባንክ ሕሳብካ ይሕደስ፣ ነፍሲ-ወከፍ ምሸት ከኣ ባንክ ሕሳብካ ባዶ ይኸውን። ንመዓልቲ ኣብ ሕሳብካ ዝተቐመጠልካ ገንዘብ እንተ ሓሪሩ፡ ውድቀትካ ወይ ስዕረትካ'ዩ ዘመልክት። ይግባይ ኢልካ እውን ክምለስ ኣይከኣልን እዩ።

ካብ ናይ ዝመጽእ መዓልታት መቑንን እንተ ደለኻ'ውን ክትረኽቦ ኣይከኣልን። ካብ ናይ ካልእ ሰብ'ውን ክትወስድ ኣይትኽእልን፣ ካብ ናትካ'ውን ክትህብ ኣይትኽእልን። እቲ ግዜኻ፡ ግዜኻ ጥራይ እዩ፣ ኣኸለ።

ከምቲ ንገንዘብካ ኣበይ ከም እትውዕሎ ትሓስበሉን ትውስነሉን፡ ግዜኻ ኣበይ ከም እተሕልፎ'ውን ክትሓስበሉን ክትውስነሉን ዘለካ ንስኻ ኢኻ።

እዘን ናይ መዓልቲ ብጽሒትካ፡ ክሳብ ዝከኣለካ ክትቀመለን ኣይትተሓለል።

# መዛነዪ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## እምነት ሰብኣይን ሰበይትን

“ሳሚ ዓርከይ፡ እዚ ኩሉ ውዕወዕ ስምዒት እምበር ድሕሪ መርዓና በዚ ጠፊኡ” በለ ጆን ናብ ዓርኩ እናጠመተ፡ ገለ እንተመኸሮ ኢሉ፡፡ “ውሽማ ሒዝካ ዘይትፍትኖ ጆን ዓርከይ?” ሳሚ ሓሳቡ ኣቕረበ፡፡ “ኢይ! ደሓር ከ ሰበይተይ እንተሰሚዓተ እንታይ ክብል ወደይ?” “ክላእ! ንሸኻ ድማ ዘይከውን ነገር’ዩ ዘጨንቐካ፡፡ ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን እናነበርናስ ከምኡ ትብል? ንሰበይትኻ ደኣ፡ ቅድሚ ካልእ ሰብ ባዕልኻ ዘይትነግራ፡ እንታይ ዶ ኣለዎ እዩ?” ሕጂ’ውን ርእይቶኡ ሃበ ሳሚ፡፡ ጆን ድማ ብናይ ሳሚ ዓርኩ ርእይቶ ተተባቢዑ ንበዓልቲ ቤቱ ብምቕራብ፡ “ፍትወተይ፡ ውሽማ እንተ ሓዚኩ፡ ንዓይን ንዓኽን ዝያዳ ከቃርበናን ከፋቕረናን ዝኽእል ኮይኑ ኣይስመዓክን?” ኢሉ ንሰበይቱ ሓተታ፡፡ ንሳ ድማ፡ “ካልእ ሚላ እንተሃልዩካ ደኣ ኣምጽእ’ምበር፡ እዚስ ብተደጋጋሚ ፈቲዋ ክሰርሕ ኣይከኣለን!” ብምባል፡ ኣብ ኪዳና እምነቲ ከም ዘይነበረት ኣርድኣቶ፡፡



ንመጸምድቲ’ኻ እሙን ምዃን ኣብ ዕውት ዝምድና ወሳኒ ተራ’ዩ ዘለዎ፡፡ ደቂ-ሰብ፡ ብባህሪኦም ሓደስቲ ነገራት ዝፈትዉ እኳ እንተኾኑ፡ ኣብ ጾታዊ ዝምድናኦም ግን ምስ ሓደ መጻምድቲ ክጸንዑ’ዮም ዝግደዱ፡፡ ካብዚ ወጻኢ፡ ምስ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ዘዘኡ ዘይእሙናት መጻምዲ ግና፡ ውሑዳት ኣይኮኑን፡፡ ብሰሪ ድኹምን ዘዝብዕን ኣጠማምታ፡ ወዲ-ተባዕታይ ካብ ዝምድናኡ ወጻኢ ክዘውርን ልዕሊ ሓንቲ መጻምድቲ ክሕዝን ከም ንብር፡ ኣብ ገለ’ውን ከም ጅግንነት ክቑጸር ይኽእል’ዩ፡፡ ብኣንጻሩ፡ ዘዋር ጓለንስተይቲ ግና ኣብ ሕብረተሰብ ሕማቕ ስም ክወሃባን ክትፍንፈንን ዝለዓለ ተኽእሎ ኣሎ፡፡ ኣብ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሃሲያ ግና ንኽልቲኦም መጻምድቲ ብማዕረ’ዩ ዝከድኦም፡፡ ዘይእሙናት መጻምድቲ ኣብ ባህርያቶምን ዕለታዊ ንጥፈታቶምን ምልክታት የርእዩ እዮም፡፡ እንተኾነ ነዚ ምልክታት’ዚ ንምፅዛብ ኣገዳሲ ጥንቃቐ የድሊ፡፡

መርዓ፡ ሙብጽዓ ምእታውን ሓብራዊ ህይወት ምምስራትን እምበር፡ ጉዳይ ዓይነት ወርቂ፡ ሽለ፡ ብዝሒ ማይ-ቤት፡ መዛወሪ ቦታን መኪናን ወዘተ… ኣይኮነን፡፡ እቲ ምንታይ፡ ቃል ኪዳን ዓቢ ነገር ስለ ዝኾነ፡ ብዛይ ስልማትን ዳንኬራን ዝምርዓዋ ደቂ-ኣንስትዮ እውን ኣለዋ፡፡

## መርዓ ዝደንጎየ ወዲ

ሓደ ወዲ ተባዕታይ ዕድመ ኣርበዓታት ተጸገዑ ክሰ፡ ዛጊት ኣይተመርዓወን ነበረ፡፡ ኣዕሩኽቱ ግብሩ ኣሕሪቑዎም ክምዕድዎ’ዮም ተኣኪቦም፡፡ ንምንታይ ክሳብ ሕጂ ከምዘይተመርዓወ ወይ ክምርዖ ከም ዘይሓሰበ ከኣ፡ ኣጥቢቖም ሓተትዎ፡፡ ዘረባኦም ምስ ሰምዐ ዝነታ ውሓጦ፡፡ “ዝዓርከይ፡ ጓል ዲኻ ስኢንካ … ሙብጽዓ እኣቱ ባዕለይ ከምጽኣልካ’የ” በለ’ቲ ኣብ ጥቓኡ ዝበረ ዓርኩ፡፡ “ጓል ዘይምርካብ ኣይኮነን እቲ ጸገም” ምስ መለሰ ከኣ፡ “እንታይ ደኣ?” እቶም ኣዕሩኽ ብሓደ ድምጺ ሓተትዎ፡፡ “ምኽንያቱ… ከኣ ጓል ዘይምርኻበ’ዩ፡፡ ግን ኣነ ኣይከኣልኩን ጓል ስኢነ … ዘዘመረጽኩወን ኣዋልድ ኣደይ እናጸልኣተን” መለሰሎም፡፡ እቶም ኣዕሩኽቱ ሽግሩ ሽግርም ምኽኑ ነገሮም፡ ኣደኡ እትፈትዋ ጓል ክረኽቡሉ ምኻኖም ቃል ኣተዉሉ፡፡ ኣደኡ ክትፈትዋ እትኽእል ጓል’ውን ንዓኣ እትመስል ክትከውን ከምዘለዋ ተሰማምዑ፡፡ ኣብ ሓደት መዓልታት ከኣ ነደኡ እትመስል ጓል ረኺቦም ዕማሞም ፈጸሙ፡፡ የግዳ ምስታ ዘምጽኡሉ ጓል’ውን መርዓ ኣይሰለጦን፡፡

“ሕጂ ኸ እንታይ ኩይና ደኣ ዘይፈተወታ” ሓተትዎ፡፡

“ኣደይ ደኣ ፈቲያታ እኳ’ያ - ብዘይ መርዓኺ ምሳና እንተትቕመጥ ኢሉ፡፡”

“እሞ እንታይ’ዩ እቲ ጸገም ደኣ?”

“ኣቦይ ኣይፈተዋን ” - ብምባል ልቦም ሰበሮም፡፡



ኣእምሮኣውን ኣካላውን በሰላ ክወርድ ይኽእል፡፡ ብቐሊል ዝበሉ፡ ፍርሒ ኣብ ስምዒትካ ኣትዩ ኣብ እተተግብሮም

ብዙሕ ሰብ ብዘይ ምስትውዓል ኣብ ዘይብሉጽ ውሳነ ክወድቕ ይርኣ’ዩ፡፡ መጺኢ ናብራ ኣብ ቅሉዕ ርድኢት ዝተመርኮሰ ውሳነ እዩ ዝምርኮስ፡፡ ፍርሒ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ስምዒታት ደቂ ሰብ እዩ፡፡ ፍርሒ፡ ደቂ ሰብ ድሌታቶም ኮነ ሕልምታቶም ግሁድ ንኸይገብሩ ዝዓግት ዓንቃጺ ባህሪ እዩ፡፡ ፍርሒ ብምንታይን መዓስን ከም ዝፍጠር ብንጹር ዝገልጽ ምኽንያት እኳ እንተ ዘየሉ፡ ፍርሒ ብብዙሕ መዳያት ክፍጠር ወይ ክቀላቐል ይኽእል እዩ፡፡ ፍርሒ ካብ ውድቀት፡ ፍርሒ ካብ ጌጋ ምፍጻም፡ ገለ ድማ ፍርሒ ጥዕና ገለ ካብቶም ንፍርሒ ከም ማጠንቀቒ ዝገብሩ ነገራት እዮም፡፡ ፍርሒ ብዘይ ውሳኒ ከም ብርቱዕ ስምዒት ኮይኑ ነገራት ኮሳ ውሳኔታት ብኣሉታ ዝጸሉ እዩ፡፡ ፍርሒ ሽሕ’ኳ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘለዎ ጉዳኢ ስምዒት እንተኾኑ፡ ብልክዕ እንታይነቱን መንቀሊኡን እንተ ተለልዩ ንምውጋዱ ኣዝዩ ቀሊል’ዩ፡፡

ናይ ፍርሒ ስምዒታት ንምውጋድ፡ ዘሸጋግሩኻ ነገራት ብጮብጮት ምርኣይ፡፡ ነቲ ዘፍርሓካ ነገር ብልክዕ ንኣብሽኻ ክትነልልካ ዘርዝር፡፡ ብድሕሪ’ዚ ዝሸገረካ ነገር ብልክዕ ፈሊጥካ ጭብጥታቱ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ሃዳእካ ምትግባር፡፡

ፍቕሪ መሰረታዊ ስምዒት ደቂ-ሰብ እዩ፡፡ ብሉጽ ፍቕሪ ኣብ ሓድሕድ ምክብባር፡ ጥቡቕ ዝምድናን ምትእምማንን ዝተመርኮሰ እዩ፡፡ ካብ ኣድማዒ ዘይኮነ ኣካይዳ ንምድሓን ብሉጽ ውሳኔ ይሓትት፡፡ ምስ ግዜን መድረኽን ምትዕጽጻፍ ጥቡብ’ዩ፡፡ ኣብ’ቲ ዝሞቕ ሰዓት ክትውሰን ዘይከኣልካሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ብኣሉታ ከይትምዝን፡ ኣሉታዊ ነቐፌታ ወይ ገምጋም ከይመጽኣካ ስለ እትፈርሕ ክኸውን ይኽእል’ዩ፡፡ ብርግጽ፡ “ሰብ እንታይ ይብለኒ?” ትብል እንተኾንካ ቀልጢፍካ ኣይክትውሰንን ኢኻ፡፡ ከይትወድቕ ምፍራሕ፡ ሓደ ካብ ቀንዲ ዕንቅፋታት ናይ ሓጎስን ዓወትን እዩ፡፡ እቲ ቀንዲ ጉዳይ፡ ኣብ ጉዕዞ ንእትወስዶ ውሳኔ ዝለዓለ ሚዛን ምሃብ እዩ፡፡ ዝኾነ ኣሉታዊ ሳዕቤን ክይመጽኣካ ፈሪሕካ ካብ ምውሳን ትሃድም እንተኾንካ፡ ጸቡቕ ኣይኮነን፡፡ ኣይትፍራሕ ወይ ላንጋ ላንጋ ኣይትኹን፡፡ እትወስዶ ውሳኔታት ብስምዒት ዘይኮነ ብርድኢት ምስ ዝኸውን ጥራይ፡ ቅኑዕ ክኸውን ከም ዝኽእል ከኣ ኣርጊጽካ ተረዳእ፡፡

## ብቑመተን ክብረ-ወሰን ዝሓዛ ደቂ-ኣንስትዮ

ሩመይሳ ገልጊ፡ ኣብ ዓለም ዝነውሐት ጓለንስተይቲ ምዃና ይፍለጥ፡፡ ቁመታ፡ ክልተ ሜትሮን 15 ሰንቲሜተርን ይበጽሕ፡፡ ዝነውሐት ብህይወት ዘላ ጓለንስተይቲ ብምዃን ከኣ፡ ክብረ-ወሰን ሒዛ ኣላ፡፡ ቁመት ሩመይሳ ገልጊ፡ ብሰንኪ ‘ዊቨር ሲንድሮም’ ዝተባህለ ሕማም ዝተጸልወ እዩ፡፡ ብዘለዋ ጸገም መሓውር መብዛሕትኡ ግዜ ንዊሕ ርሕቀት ብዊልቸር ወይ ብዓራቢያ ሰንከላን እያ ትጓዓዝ፡፡ ብሰንኪ ዘለዋ ናይ መሓውር ጸገም ድማ፡ ከቢድ ህይወት እያ ኣሕሊፋ፡፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከይዳ’ውን ክትመሃር ኣይከኣለትን፡፡ ኣብ ገዛ ኮይና እያ ትምህርታ ተኸታቲላ፡፡



ሩመይሳ ገልጊ

ሩመይሳ ገልጊ፡ እቲ ኣብ 2014፡ ንፈለማ እዋን ‘ዝነውሐት ብህይወት ዘላ ጓለንስተይቲ’ ተባሂላ ክብረ-ወሰን ዝሓዘቶ፡ ንኣርባዕተ ግዜ ዋናጩ ክብረወሰን ዓለም ክትዓትር ኣኽኢሉዋ እዩ፡፡ በዚ ድማ፡ “ሳላ እዚ ዘለኒ ፍሉይ ኣካላዊ ፍሉይነት፡ ነቲ ኣሉታዊ ዝመስል ነገር ናብ እወታዊ ነገር ቀይረዮ” ብምባል ትገልጽ፡፡ ወሉዳ ብዘለዋ ጸገማት ከይተዳህለ፡ ኣዝዩ ብሉጽ ምትብባዕ ገይሮማ እዮም፡፡



ማኪ. ኩረን

ካልእ፡ ማኪ. ኩረን ኣብራኽ ሰገን እትውንን ጓሉ-ንስተይቲ እያ፡፡ ማኪ. ኩረን ብ23 መጋቢት 2003፡ ኣብ ቴክሳስ ኣመሪካ ተወሊዳ፡፡ እታ ዝነውሐ ኣብራኽ እትውንን ጓለንስተይቲ ተባሂላ ከኣ፡ ኣብ መዝገብ ክብረ-ወሰን ሰፊራ ኣላ፡፡ ንሳ ወላ’ኳ ዝነውሐ ኣብራኽ እትውንን ጓለንስተይቲ እንተኾነት፡ ብጠቕላላ ንውሓት ግን ንሩመይሳ ገልጊ ክትነውሓ ኣይበቕዐትን፡፡ ናይዛ ጓል፡ ንውሓት ጸጋማይ መሓውር፡ 135 ሰንቲሜተር፡ የማናይ መሓውራ ድማ፡134 ሰንቲ ሜትር ይበጽሕ፡፡ ጠቕላላ ቁመት ኣካላታ 2 ሜትሮን 8 ሰንቲሜተርን እዩ፡፡ ማኪ. ኩረን ብሰሪ እትውንኖ ነዊሕ ኣእጋር፡ ማዕቀና ጫማ ክትደሊ ኣዝያ እያ እትሸገር፡፡

## ሞት ብሰንኪ. ወልፊ

ኣብ ታሪኽ ቻይና ካብ ዝበልጹ ፍሉጣት ገጠምቲ፡ ብቐዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ሊ. ባይ፡ ዝገጠሞም ዝበረ. ልቢ. ሰብ ዝምስጡ ግጥምታቱ ንምድላው ናይ ግድን ኣልኮላዊ መስተ ክሰቲ ነይሩዎ፡፡ ካብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ ሊ. ባይ ተማሲጡ ክገጥም ብምሕላን ብዸልቡኡ ናብ ውሓይዝ ብምምራሕ፡ ናይ’ታ ምሽት ግጥሙ፡ ብዝዕበ’ቲ ኣብ ባሕሪ ዝበረ ነጸብራቕ ወርሒ. ክገብሮ ወሰነ፡ እንተኾነ ንምግጣሙ ኣብ መፈጸምታ ክዩብጽሐ ብዝሰተዮ ኣልኮል ተደፋፊኡ ወርሒ. ንምጭባጥ ናብ ወሽጢ. ባሕሪ ተቖቒቱ ኣተወ፡፡ እታ ዕለት ድማ መደምደምታ ናይ ዕምሩ ኮነት፡፡

ንዕበየትና ብኣሉታ ዝጸልዉ. ብዓበኡ ከኣ ኣብ መወዳእታ እንታይ ዓይነት ህይወት ከም እንነብር ዝወስኑ ወልፈታት ኣለዉ፡፡ ወልፈታት፡ ናይ ስራሕ ልምዲ በሪዖም ኑቲ ሰብ ኣብ ስራሑን ሞያኡን ንኸይዕወት ክደርኹ ዝኽእሉ እዮም፡፡ ስለዚ. ቀለልቲ ዝመስሉ ልምድታት ብኣጋ ኣስተብሂልና ክንምሕዎም ወሳኒ የድሊ፡፡ ዝተወሰኑ ውሳኔታት ኣብ ግብሪ እንተ ዘይተተግበሮም ከኣ ንድሕሪት ክንቱና እዮም፡፡ መብዛሕትኡ ሰብ፡ ኑቲ ዝሰረጸ ልምዲ ክምሕዎ ከም ዘይክእል ገይሩ’ዩ ዝወስዶ፡፡ ይኹን’ምበር፡ ኣብ



ህይወትካ ናይ ባህሪ ለውጢ. ክተምጽእ ተበገስ፡፡ ስፖርት ምዝውታር፡ ኣብ ምቁራጽ ወልፊ ሓጊዚ. ምኻኑ ይምከር፡፡

## ጥቕስታት መዛነዪ

- “ኣብ ዘመነ ሓበሬታ ኣይኮንናን ዘለና፡፡ ኣብ ዘመነ ምዝንጋዕ ኢና ዘለና፡፡” - ቶኒ ሮቢንስ
- “ሓጎስ ማለት፡ እቲ እትሓስቦ እትዛረቦ እትገብሮን ምስ ዝሰማማዕ እዩ፡፡” - ማህተማ ጋንዲ
- “ፍሽኽታ’ኻ ንዓለም ኣካፍሎ፡፡ እቲ ምንታይሲ. ፍሽኽታ ምልክት ዕርክነትን ሰላምን’ዩ፡፡” - ክርስቲ ብሪንክሊ.
- “ምዝንጋዕን ስኡጥቡጥን ተጻሊሎም ኣይፈልጡን እዮም፡፡” - ማርቲን ኪ.ፐንበርገር
- “ምዝንጋዕ ኣብ ህይወት ዝጋጥም ፍርሒ.’ዩ ዘቃልሎ፡ ስኡጥቡጥ ግን ንፍርሒ. ሞት’ዩ ዝሰዕሮ፡፡” - ዲን ካናናግ
- “ኩሉ ግዜ ብዓቢ. ተስፋታት እየ ዝዛንጋዕ፡፡” - ሮበርት ፍሮስት
- ኣብ ህይወት ዝለዉ. ንኣሽቱ ነገራት ኣስተማቕሮም’ሞ፡ ንሓደ መዓልቲ ንድሕሪት ተመሊስካ ክትጥምት ኢኻ፡፡ ሽዑ ንሳቶም እቶም ዓበይቲ ነገራት ምንባሮም ክትግንዘብ ኢኻ፡፡” - ደይርድረ ባትለር

# ዛዕባ ሎሚ

# ሲ.ኤፍ.ኣይ. (CFA) ፍራንክ
## ዛንታ ባጤራዊ መግዛእቲ ማእከላይን ምዕራብን ኣፍሪቃ

(3ይ ክፋል)

ሄርሞን ሃብቱ
ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ




ኣብ ምስሳይ ሓደሽ መግዛእቲ ኣብ ኣፍሪቃ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ቴክኖሎጅያውን መሳርሒታት ጥራይ ኣይኮነን ክዋሳእ ጸኒሑን ዘሎ። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ፕሮቶኮላዊ ልኡላውነት ከይረጋገጽ ዝጸንሐ ማሕንቆታት ኣርዑት ባጤራዊ መግዛእቲ እውን ርእሱ-ዝኸኣለ ናቱ ቀያዲ ሓይሊ ኣለዎ። እዚ ብተኸታታሊ ዝቐርብ ዘሎ ትንታኔኣዊ ጽሑፍ ኣብ መንጎ ግዜኣት ፈረንሳን ግዙኣታ ዝነበራ ሃገራት ምዕራብን ማእከላይን ኣፍሪቃ ዝጸንሐን ዘሎን ስምምዓትን ድሕረ-መግዛእታዊ ሓድግታቱን ንሱ ዘስዕቦ ማዕዙዙን ዝድህስሶ'ዩ።

ፈረንሳ ዋላ'ኳ ብፍሉይ እትውንኖ ዘላቺ ዕዳጋታት ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ኣይትማስርት፡ ብሓታቶ ዝጸንሐት ሓለፋታት ግን ቀሊል ግምት ዝወሃቦ ኣይኮነን። ኣብ ሃገራት ዞባ ፍራንክ፡ ወናኒት ኣዝዩ ርጉእን ዓቢይን ዕዳጋታት ኮይና'ያ ጸኒሓ። እቲ ብዘይ ቀይዲ ዝንቀሳቐስ ርእሱማል ዝወልዶ ዕድላት፡ ንፈረንሳ ዓቢይ ወሕስነት ኣብ ዕዳጋታት ኣፍሪቃ ብምሃብ፡ ባጤራ ፍራንክ ተጠቒማ ብዘይ ዝኾነ ዕንቅፋት ዝተፈላለዩ ጥረ ነገራት እታው ክትገብር ክኢላ'ያ። ካብቲ ሰፊሕ ጅኦግራፍያዊ ክፋል ኣህጉር ኣፍሪቃ ዝሽፍን ዞባ ዝርከብ ናይ ማዕድን ሕርሻ፡ መሳርሒ ጠዋሉ ዝውዕሉ ኣእዋምን ጸዓታዊ ማዕድናትን ብናይ ግዜእ ርእሳ ፍራንክ ተጠቒማ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ዕንቅፋት ብቐሊሉ'ያ እታው ክትገብር ጸኒሓ።

እዚ ኣብዚሓ'ዚ ብሓሳባዊ ኣብነት ንምድጋፍ፡ ሓደ ጃፓናዊ ኣወፋሪ ካብ ቡርኪና ፋሶ ጡጥ እታው ክገብር እንተደልዩ፡ ፈለማ ባጤራ የን ዘይኮነ ዶላር'ዩ ክሕዝ ዝግደድ። ምኽንያቱ ዓለምለኻዊ ንግዳዊ ልውውጥ ብባጤራ ዶላር ተማእኪሉ ስለዝቶየድ። እዚ ኣብነት'ዚ ኣብ ጉዳይ ፈረንሳ መጺእካ ካልእ መልክዕ እዩ ዘለዎ። ብርዱእ ምኽንያት፡ ፈረንሳ ተመሳሳሊ ጥረ ነገር ናይዞን ሃገራት እታው ክትገብር ኣብ እትደልየሉ እዋን፡ ጥኽ ፈረንሳ ዶላር ክጥቀም ኣይግደድን። በቲ ባዕላ እትሓትሞ ባጤራ ፍራንክ ብምጥቃም፡ ሓለፉ ካልኦት ካብ ዕዳጋታት ናይቲ ዞባ ዝደለየቶ ጥረ ነገራት ከይተጸገመት ክትዕድግ ትኽእል።

ፈረንሳ ማዕድናት ወርቅን ኣልማዝን ካብ ሃገራት ማሊን ሰኔጋልን ብብዝሒ እታው ብምግባር ትፍለጥ። እቲ ዝዓዳ እትውቀሰሉን መዘራረቢ ኣርእስትን ዝኾነን ዘሎ ጉዳይ ግን ብዛዕባ እታው ዩራንዩም እዩ። ካብ ኒጀር እታው ክትገብሮ ዝጸንሐት ዩራንዩም ኣብ ቀረብ ኣገልግሎት ኤለክትሪካዊ ጸዓት ፈረንሳ ዓቢ ኣበርክቶ ክገብር ጸኒሑ ኣሎ። እታ ሃገር ክልተ-ሰሶ ካብ ጠቕላላ ምንጪ ቀረብ ጸዓት ኤለክትሪክ ካብ ኑክልየሳዊ መመንጨዊ ሓይሊ ኤለክትሪክ ከም እትረኽቦ ይንገረሉ። ሓደ-ሕምሲት ንመመንጨዊ ኑክልየሳዊ ጸዓት ዝውዕል ዩራኒየም ድማ ካብ ኒጀር ብኣዝዩ ስሚዊ ዋጋ እታው ክትገብር ጸኒሓ። ዋጋ ዩራንዩም፡ ኣብ ኣህጉራዊ ዕዳጋ ብማእከላይ ገምጋም ክሳዕ 100 ዶላር ንሓደ ከሎ ኣብሉ ኮይኑ፡ ፈረንሳ ግን ንሓደ ከሎ ዩራኒየም ብሕሱብ ትሕቲ ሓደ ዶላር ካብ ኒጀር ብኣዝዩ ሕሱርን ዘይመጣጠንን ዋጋ ብስናቱ'ም እታው ክትገብሮ ከም ዝጸንሐት ዝተፈላለዩ ጸብጻባት የረድኡ።

እዚ ዘይመጣጠን ዋጋታት መዘምዚ፡ ፈረንሳ ካብ ኑቦኣ ሓሊፉ ቀረብ ኤሌትሪክ ናብ ዝተፈላለያ ከም ጀርመን፡ ኢጣልያ፡ ስዊዘርላንድን ዓባይ ብሪጣንያን ዝኣመሰላ ሃገራት ኤውሮጳ ብመልክዕ ሰደድ ክትልእኽ በቒዓ ኣላ። እቲ ዘይሚዛናውን ዘይፍትሓውን ቁጠባዊ ርክብት ፈረንሳ ምስ ሃገራት ዞባ ፍራንክ ንስለ ዘረባ ጥራይ ዝዝረበሉ ነገር ኣይኮነን። እቲ ብኣዝዩ ትሕቲ ዋጋ ናብ ፈረንሳ እታው ዝኸውን፡ ኣብ ቁጠባዊ ኽሲጋስ ፈረንሳ ድማ ኣዝዩ ዓቢ ወሳንነት ዝጻወት ዘሎ ጥኡታ፡ ብጥቡእ ዋጋኡ ስለዘይትመን ኣብ ቁጠባ ኒጀር ዝኾነ ይኹን ብጉብሪ ክጥቀስ ዝኽእል ኣበርክቶ የብሉን።

እዚ ዓይነት ስሉመጉት'ዚ ብኣሃዝ ንምስናይ ዝኣክል፡ ብመሰረት ሚኒስተር ጸዓት ኒጀር ነበር ማሃማን ላውዋን ጋያ ኣብ 2023 ናብ ማዕከን ዜና ዶቸቨለ (DW) ብመገዲ ኢመይል ዝሰደዶ ሓበሬታ፡ ኣብ 2010 ኒጀር ኣስታት 3.5 ቢልዮን ዩሮ ከውጽእ ዝኽእል ማዕድን ዩራንዩም ናብ ፈረንሳ ልኢኻ ነይራ። እንተኾነ እዛ ሃገር ናይ ኣስታት €459 ሚልዮን እቶት ጥራሕ ከምዝረኸበት ይጠቅስ። ስለዚ ምዝመዛ ፈረንሳ ኣብ ኣፍሪቃ ብሓፈሻ፡ ኣብ ምዕራብን ማእከላይን ኣፍሪቃ ድማ ብፍላይ፡ ኣዝዩ ዘሰደምም ተርእዮ እዩ ዘለዎ።

መንቀሊ ሓፈሻዊ ቁጠባዊ ውድቀት ናይ ዱርጋ ኩላተን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ካብቲ ጥኽ ዓለምን ዓለምለኻዊ ማዕከን ገንዘብን ልቓሕ ንምሃብ ከስገድድዎ ዝጸንሑ ጠንቃም ቅድመኩነት ዝምንጩ ክኸውን ይኽእል'ዩ። እቲ ንሃገራት ኣፍሪቃ ካብ ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብ ልቓሕ ኣብ ዝሓትሉ እዋን ዝግበረለን ማሕንቖታት፡ ናብ ሰልሚ ዕዳ ኣስጢምወን ይርከባ። ቻይና ብዘወሳኺ ውጥን ትግባረ መደብ "ሓደ ቐናት ሓደ መገዲ" ንምፍጻም ንኬንያን ኢትዮጵያን ዝርከብኦን ሃገራት ኣፍሪቃ ብመልክዕ ልቓሕ ዝሃዐትለን ትሕተ-ቅርጺን እቲ ዘዋደደትለን መጻወድያ ፈናንስያዊ ልቓሕን ዕዳኡ ኣብ ሓጺር እዋን ንመምለሲ፡ ቻይና ክኸፍልኦ ዝኮኣል ኣይኮነን። ቻይና ብዋጋ ህንጻት ትሕተ-ቅርጺ እተእውደን ዕዳ ኣብ ግዚኡ ክኸፍልኦ እንተዘይክኢለን፡ ዕዳኡ ክሳዕ ዝኸፈል ቻይና ክትወርሶ ውዕል ስምምዕ ኣእቲያተን ትርከብ።

ፈረንሳ ብጉዳኡ በዩና እትቀጻጸሮ ክቡር ዋጋታት ከውጽእ ዝኽእል ባህርያዊ ጸጋታት እትምዝምዘሉ ክልላት ብምሕዛእ፡ ኣህጉር ኣፍሪቃ ካብ ድሕረትን ውድቀትን ፈጺማ ንኸይትትንስእ ኣሉታዊ ተጽዕኖ ትገብር ኣላ። ፈረንሳ ንባጤራ ፍራንክ ኣብ ዋንኩታ ዝኾኑ ማእከላይ ባንክታት ብምኽዛን፡ ናብ ኣባላት ፍራንክ ዞን ዝበጽሓሉ ናይ ምንቅስቓስ ኣገባብ ደረታ ትሕዝ፡ በዚ ኣገባብ ድማ ኣብ ዝምእምኣ እዋን ዋጋ ሸርፊ ከም ዝጎድልን ዝወሰኽን ብምግባር፡ ልዝም ፈናንሳዊ ዓቕሚን መጠን ዝቐበ ዋጋታትን ብቐሊል ኣገባብ ክትቆጻጸሮ ትኽእል። ፈረንሳ ብዘይገድብ በብግዚኡ ክቡሪ ዋጋታት ፍራንክ ካብ ለጠቕ ከምዝዘብል ብምግባር፡ ሰለስተ ዓበይቲ ዕላማታት ንምትግባር ተጠቒማትሉ።

ቀዳማይ፦

ኣብ ኩለን ኣባል ሃገራት ፍራንክ ዞን ሓደ ዝዓይነቱ መጠን ምቕናስ ክብሪ ዋጋታት (single rate of devaluation) ብምትእትታው፡ ነቲ ሕዝእቲ ብዝላቐቅት ክትቆጻጸሮ ኣኽኢሉዋ።

ካልኣይ፦

ምስ ዓለማዊ ማዕከን ገንዘብ ብምምሻጥ፡ ንመጠን ሸርፊ ባጤራ ብዝምልከት ዝለዓቶ እሙን ወሕስነት ብዘይምህላው፡ ነቲ ኣህጉራዊ ፈይናንሳዊ ትካል ከም ሽፋን ብምጥቃም፡ ሳንቲም'ውን ትኹን ዝጸብጸበ ዘይብላ ካብ ተሓታትነት ከተምልጥ ክኢላ።

ሳልሳይ፦

ኣብ ክብሪ ባጤራ CFA ፍራንክ ክሳዕ ናይ ኣስታት 50 ሚእታዊት ዝበጽሐ መጠን ምጉዳል (single rate of devaluation) ብምግባር ፈናንሳዊ ካዕቦታ ብዕጽፈታት ክብ ከተብል ሓጊዙዋ። እዚ ማሳርሕ'ዚ ብኣንጻሩ ኣብ ልዕሊ ሃገራት ፍራንክ ዞን ከቢድ ጥፍኣትን ቁጠባዊ ውድቀትን ኣኸቲሉ።


ጸብለልትነት ሃገራት ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ንምርግጋጽ ሃገራት ዝውንንኦ ክብሪ ባጤራ ኣዝዩ ወሳኒ ተራ ኣለዎ። ንዓለም ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ብልዕልና ዝመርሓ ሃገራት ባጤራኦን ኣብ ምስፋንን ምውህሃድን መራሕነተን ዓቢ ግደ'ዩ ዝጻወት። ስለዚ ሃገራት ንባጤራ ከም መሳርሒ ዕብለላ ክጥቀማሉ ምርኣይ ንቡር ተርእዮ እዩ። በዚ ድማ ሃገራት ዋጋ ክብሪ ባጤራ ንምውሳኽ ወትሩ ይተግሃ። ኀያላት ሃገራት፡ ዋጋ ባጤራኦን ዘሰኖ ዕድላት ተጠቒመን ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን ዓብላልነት፡ ኣብ ኣህጉራዊ ቅርዓት የተግብራ። ሓይሊ ፍራንክ ኣብ ልዕሊ ሃገራት ኣፍሪቃ ዘፈጥሮ ዘሎ ብደሆታት ምስ ካልኦት ሓያላን ሃገራት ዘውርድኦ ተመሳሳሊ ጸቕጢ ንምንጻጻር ሓጊዚ ስለዝኾነ፡ ኀያላት ሃገራት ብዝውንንኦ ክብሪ ባጤራ ተጠቒመን፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሃገራት ዘሕድርኦ ተጽዕኖን ዘፈጥርኦ መሰናኽላትን ንምርዳእ፡ ዓለማዊ ጽልዋ ዶላር ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል።

ዶላር ከም ኣብነት ዝጠቐስና ታሪኽ ዕብለላ ኣመሪካ ንምንኣስ ዘይኮነ፡ ባጤራ ዶላር ኣዝዩ ድልዱል ናይ ምግዛእ ብቕዓት ዘውንን መለዋወጢ ንግዲ ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ (International Exchange Hard Currency) ብምዃኑ፡ እታ ሃገር ትረኽቦ ረብሓታትን ንካልኦት ዘግድፎም ዕድላትን ምስ ባጤራ ፍራንክ ንምንጽጻር ክሕግዝ ብዝዘብል ሓሳብ እዩ። ስለዚ ዕብለላ ንምምእዛን ማዕረ ማዕረ ወተሃደራዊ መዳይ ነቲ ከም መሳርሒ ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን ርክብት ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ ባጤራ ዶላር፡ ብኸመይን እንታይን ረብሓታት የረጋግጽ ምስ ዝዘርዝር፡ ግዝኣ ሓይሊ ባጤራ ፍራንክ ኣብ ልዕሊ ሃገራት ምዕራብን ማእከላይን ኣፍሪቃ ዘፈጥሮ ዘሎ ብደሆታትን፡ ብኣንጻሩ ንፈረንሳ ዘረጋግጾ ረብሓታትን ንምርዳእ ክሕግዝ ይኽእል።

ቁጠባ ኣመሪካ ካብ ምዝዛም ካልኣይ ኩናት ዓለም ኣትሒዙ'ዩ ዚያዳ ዓብላልነቱ ከረጋግጽ ተራእዩ። እታ ሃገር፡ ኣብ ዓለምለኻዊ ንግዲ ዓብላሊ ተራ ዘለዎ ባጤራ ዶላር ተጠቒማ፡ ዝተፈላለዩ ዓለማዊ ረብሓታት ክትቈጻጸር በቒዓ ኣላ። ሓደ ባጤራ ዋጋ ኣለዎ ክበሃል ከሎ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ዕዳጋ ብምንጻር ዝቐርቡ ባጤራታት ብዘውንኖ ሓያል ዝኾነ መጠን ሸርፊ'ዩ ዝምዘን። ዶላር ወይ ካልእ ተመሳሳሊ ባጤራ ክብሪ ኣለዎ ክበሃል እንተኾይኑ፡ ናይ ካልኦት ሃገራት ባጤራ ካብ ዕጽፊ ንላዕሊ ክዕድግ ምስ ዝኽእል እዩ። ስለዚ ዶላር ብዘውንኖ ክብሪ፡ ብውልቀ ኣመሪካውያን ዜጋታት ይኹን ብደረጃ ሕብረት መንግስታት ዝግበር ንግዳዊ ልውውጥ፡ ነቲ ባዕሎም ዝሓትምዎ ባጤራ ዶላር ከፊሎም ብዙሕ ንብረት ክገዝኡ ይኽእሉ። ብኣንጻሩ ትሕቲ ናይ ምዕዳግ ዓቕሚ ዘለዎ ባጤራ ዘለወን ሃገራት፡ ነቲ ኣብ ኣህጉራዊ ዕዳጋታት ዝቐርብ ፍርያት ንምግዛእ፡ ብባጤራኣን ክጥቀማ ኣይክእላን እየን። ስለዚ ብኢ.ያዘር ባጤራ ዝግበር ዘሎ ንግዳዊ ልውውጥ ኣኽሳቢ ዓቢ ዝርከቦ ዘይምኻኑ ርዱእ እዩ። ኣህጉራዊ ንግዳዊ ልውውጥ ብዶላር ተማእኪሉ ዝቶየድ ብምኻኑ፡ እተን ማሕንቖ ዶላር ዘይገብረለን ንግዳዊ ትካላት ኣመሪካ ዝረኽብኦ መኽሰብ፡ ምስተን ባጤራ ዶላር ንምርካብ ኣዝዩ ብዙሕ ሃልኪ ዘለወን ሃገራት ወይ ትካላት ክነጻጸር ከሎ፡ ኣመሪካ ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልይ ዘለዎ መኽሰብ ክተኻዕብት ዘኽእል ዓቢይ ብልጫታት ትውንን።

ኣብ ባጤራ ዶላር ዘሎ ልዑል ተጠላዕነትን ተኣማንነትን ኣብ ኣህጉራዊ ዕዳጋታት እቲ ባጤራ ኣዝዩ ፍሉይ ክብሪ ንክህልዎ ደሪኹ እዩ። ስለዚ ኩለን ሃገራት ዓለም ንግዳዊ ልውውጥ ንምክያድ ዶላር ስለዘድልየን፡ ሓይሊ ዶላር ኣዝዩ ክቡር ዋጋ ሒዙ ኣብ ማሳርሒ ኣህጉራዊ ንግዳዊ ልውውጥ ክጸንዕ ክኢሉ ኣሎ። እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ክብሪ ባጤራ ዶላር፡ ኣብ ኣመሪካ ዝርከባ ንግዳውን ፈናንሳውን ክሳራታት ንምሽፋን፡ እታ ሃገር እታው ንእትገብሮ ዓይነት ፍርያት ብናይ ግዜእ ርእሳ ባጤራ ተጠቒማ ክፍሊት ንኽትፍጽም ስለ ዝሕግዞ፡ እታ ሃገር ነቲ ባዕላ ዘይተፍርዮ ዓለማዊ ናህሪ ዋጋታት ንምቊጽጻር ዝሕግዝ ዙሓሽ ብልጫታት ኣለዋ። ነቲ ኣብ ዕዳጋታት ኣመሪካ ኪጋጥም ዝኽእል ንግዳዊ ሕጽረታትን ካልእ ሃዳፋትን ብኢጋኡ ብምልላይ ናብ ንቡር ኣገባብ ንምምላሱ ብዙሕ ኣይትሸገርን። ካልኦት ሃገራት ግን ንዘጋጥመን ክሳራታት ንምሕዋይን ካብ ኣህጉራዊ ፈናንስያዊ ትካላት ዝተለቅሓኦ ዕዳኦን ኣብ ግዚኡ ንምኽፋልን ኣዝዩ ብዙሕ ናይ ዶላር ቀረብ ሽፋን ስለዘድልየን፡ ናብ ንቡር ኣገባብ ንምምላስ ኣዝዩ ብዙሕ ጻዕሪ'ዩ ዘሓትተን። ኣመሪካ ግን ብኣንጻሩ ዝደለየቶ ናይ ወረቐት ዶላር ሓቲማ ናብ ኣህጉራዊ ዕዳጋታት ብምፍናው፡ ዕዳኣ ከተደቅስ ኮነ ፈናንሳዊ ሕጽረታት ክትዓብስ ስለትኽእል፡ ካብ ዘጋጥም ንግዳዊ ክሳራታት ብቐሊሉ ክትገላገል ዘኽእል ኣዝዩ ርሒብ ዕድላት ኣለዋ።

ይቕጽል . . .






# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሄኖክ፡ ዕዉት ቀዳማይ መድረኽ ዙር ሩዋንዳ ኮይኑ

ተቐዳዳማይ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ሄኖክ ምልእብርሃን፡ ትማሊ ንቐዳማይ መድረኽ ዙር ሩዋንዳ ተዓዊቱሉ።

ናይ 2.1 መለክዒ ዘለዎ ዝዓበየ መድረኽ ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ ምዃኑ ዝንገረሉ ዙር ሩዋንዳ ኣብ ቀዳማይ መድረኽ 157.8 ኪሎሜተር ሸፊኑ። ዝበርቶ ቅርጺ መሬት፡ ብዘይካ ሓንቲ ናይ ክልተ ካታጎሪ ዓቐብ እቲ ዝተረፈ ጎልጎል ብምንባሩ ከኣ ብሸኢ ክዘዝም ተኾሚቱ ነይሩ።

ብርክት ዝበሉ ተቐዳደምቲ ኣብ ዝነበሩዎ ሸኢ ከኣ ሄኖክ፡ ንተቐዳዳማይ ክለብ እስራኤል ፕረሚር ቴክ ሮተም ተሳ ረቲዑ፡ ብ3 ሰዓት፡ 57 ደቒቕን 52 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ። ዕዉት ንምፍላጥ ብዒይንኻ ጥራይ ርኢኻ ክትፈልዮ ብምጽጋሙ ግን፡ ብሓገዝ ቪደዮ (ፎቶ ፊኒሽ) ድሕሪ ገለ ደቓይቕ እዩ - ሄኖክ ከምዝተዓወተ



ተገለጸ። ሳልሳይ ኣብል ቶታልኢነርጂስ - ሎረንዞ ማዝገን ኣትዩ።

ሰለስተ ግዜ ኣከታቲሉ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ዝኾነ ሄኖክ፡ ናይዚ ወቕቲ ሳልሳይ ዓወት እዩ ኣመዝጊቡ፣ ብሓፈሻ ኸኣ ታሽዓይ ፕሮፈሽናል ዓወቱ። እዚ ናይ መድረኽ ዓወት፡ መበል 15 ዓወት ናይ ኤርትራ'ውን እዩ።

ካልኦት ኣባላት እዛ ሃገራዊት ጋንታ - ናታን መድሃኔ፡ ናህም ዘርኣይ፡ ዓወት ክብሮምን ሙትኪል እዮብን፡ ብተመሳሳሊ ግዜ ብተኸታታሊ መበል 26፡ 27፡ 44ን 46ን ኣትዮም። ምስ ክለቦም ባይክ ኤይድ ብምዃን ዝወዳደሩ ዘለዉ ዩኤል ሃብተኣብን ዳዊት የማነን፡ 10ይን መበል 23ን ምስ ናይ የሰኣይ ጋንታ ዘለዉ ዓወት ኣማኒን ያፌት ሙልጌታን ከኣ መበል 15ን 35ን ኣትዮም።

ንመበል 17 ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ ዙር ሩዋንዳ ሰንበት ከም መእተዊ ብእትሕሱብ ቅድመ ውድድር (መድረኽ ዘይቆጸር) እዩ ፈሊሙ። ኣብቲ 3.4 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ዕለት ካልኣይ ዝኣተወ ፈረንሳዊ ፋቢያን ደብዩ ድማ፡ ምስዚ ናይ ትማሊ ወጽኢት ብግዜ ብ4 ሰዓት፡ 1 ደቒቕን 43 ካልኢትን ይመርሕ ኣሎ። ኣብ'ቲ ዕለት'ቲ መበል 16 ዝኣተወ ሄኖክ፡ 10 ካልኢታት ድሒሩ ይስዕብ፡ ንማልያ ኣዝርቕ ዓቐብ ሩዋንዳዊ ዲዴር ሙንያዛ ንናይ መንእሰያት ማልያ - ኣብል ክሉብ ፒክኒክ ፖሽል ሰምፒክ ለቢሶመን ኣለው።

ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ካብ መራሒት ሎቶ ደቨሎፕመንት 56 ካልኢታት ድሒራ፡ ሻውዓይ ደረጃ ሒዛ ኣላ - ኣብ ናይ ጋንታ ውድድር።

ዙር ሩዋንዳ ሎሚ ፈተንቲ ዓቐበታት ብዘለዎ ናይ 112.8 ኪሎሜተር ናይ ካልኣይ መድረኽ ዕማም ክስላሰል እዩ። ጽቡቕ ዕድል ንሃገራዊት ጋንታ!

## ደንደንን ቀይሕ ባሕሪን ናብ ፍጻመ ሓሊፈን

### ኣርሴማ፡ ሱፐር ሃትሪክ ሰሪሓ

ዘዋሪት ዋንጫ ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 23 ለካቲት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ብናይ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታታት ኣብ ዝቐጸለሉ፡ ደንደንን ቀይሕ ባሕሪን ናብ ፍጻመ ሰጊረን።

ደንደኑ ቀዲማ እያ ንኣልታሕረር ተጋጢማታ። እዛ ጋንታ፡ ኣብ መበል 35 ደቒቕ ካብ ሰም ተኪአ ሸቶ ብምምዝጋብ፡ ኑታ ብቐይሕ (ብኽልተ ብጫ) ኣሰልጢራ የራን ኪዳ ዝተባረራ ኣልታሕረር፡ 1-0 መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ።

ኣልታሕረር፡ ኣብ ካልኣይ እብረ እተመዓራረያ ሸቶ ንምርካብ ዕድላት እኳ እንተፈጠረት፡ ክሰልጣ ግን ኣይከኣለን። ካብ'ቲ ኣብ'ዚ ጸወታ'ዚ ካብ ምክፍፋል ናብ ምክልኻል ተሳሒቡ ክጻወት ዝወዓለ ናህም ታደሰ፡ መሪሕነት ጋንታ እተደልድል ሸቶ ኣብ መበል 65 ደቒቕ ብምርካብ ከኣ፡ ደንደን 2-0 ተዓዊታ ናብ ፍጻመ ሓሊፋ። ናህም፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ልዑል ኣተኩሮ ዝተዋህቦ ግጥም ቀይሕ ባሕርን ኣስመራ በራን ድሒሩ ተኻይዱ። ኣብ ማእከል ሜዳ ዝተሓጸረ እዚ ጸወታ፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ሸቶ ከይተመዝገቦ ተዛዚሙ።

ቀይሕ ባሕሪ ድሕሪ ኣርባዕተ ደቓይቕ ናይ ካልኣይ እብረ ግን፡ ብመገዲ ቤንሆር ጠዓመ - ልዒት ኣስመራ በራ ደፊራ። ኣብ ዝተረፈ ዝወሓደ ደቓይቕ ዝተመዝገበ ሸቶ ብዘይምንባሩ ከኣ፡ ቀይሕ ባሕሪ ብጸቢብ 1-0 ተዓዊታ። ምስ ናይ ኩሉ ግዜ መወዳድርታ ደንደን ከኣ ኣብ ፍጻመ ክትራኸብ እያ። ኣከፋፋሊ ቀይሕ ባሕሪ ሚኪኤል ሃብተ (ትንሹ)፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተሰምዩ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኩዕሶ እግሪ'ውን ቀዋሚ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ተኻይዱ።

ፈለማ ኣብ ናይ ሻምፕዮን ውድድር ዝተራኸባ ጉዳይፍን ዕዳጋ ሓመሰን ነይረን። ጉዳይፍ፡ ካብ ዩርኮበል መንግስቲ ሃረርታ ኣብርሃን ብዘመዝገበትን ሸቶታት 2-0 ተዓዊታ። ናይቲ ግጥም ብልጽቲ ተጻወትቲ ዩርኮበል ተጸዊዓ።

ዝሰዓበ ክልተ ግጥማት ድማ ናይ ዘዋሪት ዋንጫ ነይሩ። ቀዲመን ኢንሹራንስን ምምሕዳር ሰምባልን ተጋጢመን። ኢንሹራንስ፡ ኣዝዩ ዓብላሊት ነይራ። ኣርሴማ ተኸለሃይማኖት ኣርባዕተ ሸቶታት፡ ፍትሓዊት ማጆር ሓንቲ ዕረፍቲ ተቐይራ ዝኣተወት ኢክለስ ዓብደል ናስር ድማ ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ፡ ብፅሒ 7-0 ተዓዊተን። ሱፐር ሃትሪክ ዝሰርሐት ኣርሴማ፡ ናይቲ ጸወታ ዝበለጸት ተጻዋቲት ተባሂላ።

ግጥም ደንደንን ኩብንያ ህንጻ ሰገንን ናይቲ ዕለት ናይ መወዳእታ ጸወታ ነይሩ። ጽቡቕ ተወዳዳርነት ዝተራእዮ እዚ ጸወታ፡ ደንደን ኣብ 15 ደቒቕ ብመገዲ ምስጋና መሓሪ ብዘረኸበታ ሸቶ 1-0 መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ።

ኩብንያ ሰገን ኣብ ካልኣይ እብረ ኣብ መበል 56 ደቒቕ ካብ ቤተልሄም ዘኪያስ እተመዓራረያ ሸቶ ብምርካብ ከኣ ጸወታ ዝያዳ ተወዳዳሪ ኮነ። ኣብ መበል 72 ደቒቕ ግን፡ ኣጥቃዒት ደንደን ፍቓዱ ጉዳሙ ሸቶ ብምቑጻራ፡ ደንደን 2-01 ተዓዊታ። ምስጋና፡ ናይቲ ጸወታ ዝበለጸት ተጻዋቲት ክትብሃል እንከላ፡ ደንደንን ኢንሹራንስን ድማ ናብ ዝቐጽል መድረኽ ምሕላፈን ህዝባዊ ርክብት ናይ'ቲ ፈደረሽን ሓቢሩ።

## ቅድድም ብሽክለታ ዞባ ማእከል ፈሊሙ

ሚካኤል ሓድጉ

ናይ 2025 ውድድር ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ብቕድሚ ትማሊ ኣብ ከባቢ ኢንሹራንስ ፈሊሙ።

ኣብቲ ኣርባዕተ ውድድራት ዝተሰርዓሉ ዕለት፡ ፈለማ ተቐዳደምቲ ሳልሳይ ዲቪዥን (ዩዘ) 68.2 ኪሎሜተር ሸፊኖም። ኑቲ ክዕዘቦም ኣንገሁ ዝመጸ ህዝቢ ጽቡቕ ጸወታ ብምርኣይ ጸብ ዘስተዩ እኳ ተቐዳደምቲ፡ ብሓባር ቅጽበታዊ ውድድር ብምክያድ ውድድሮም ዛዚሞም። ተቐዳደምቲ ጋንታ ትጽቢት ዝኾኑ ኣሚናዳብ ወልደየሃንስን ዳጆም ሰለሙንን ተመራሪሖም ቀዳማይን ካልኣይን ክኣትዉ እንከለው፡ ተቐዳዳማይ ኣኽርያ እሰይ ኪዳ ሳልሳይ ተርታ ሒዙ። ኣብ ሰዓት ብጠምጋም 40.8 ኪ.ሜ ዝተጓዕዙ እዞም ተቐዳደምቲ ተሰፉ ዝሀብ ብቕዓት ኣንጸባሪቖም።

ተቐዳደምቲ ካልኣይ ዲቪዥን (ጁንየር) ናይ 90 ኪሎሜተር ውድድር ኣካይዶም። ኣብል ንስሪ ዳኒኤል መሓሪ ብዘፈጸሞ ቦርቃዊ መጥቃዕቲ ከኣ ዕዉት ናይዚ መድረኽ ኮይኑ። ዓብዩ ጉጅለ ኣብ ዘካየዶ ቅጽበታዊ ውድድር ከኣ ናይ ውልቂ ተቐዳዳማይ ናትናኤል ግርማይ ንናይ ኤሪትል ተቐዳዳማይ ኤልዩድ ክፍሎም ኣኸቲሉ ኣትዩ።

ተቐዳደምቲ ቀዳማይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ብሓባር እዮም ውድድር ፈሊሞም። ደቂ ተባዕትዮ 127.1 ኪሎሜተር፡ ደቂ ኣንስትዮ 90 ኪሎሜተር ሸፊኖም። ብዙሓ ተቐዳደምቲ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ ብምውሳኾ፡ ከም እወንታዊ ምጅማር ክረአ ዝኽእል እዩ። ምምሕዳር ጉዛ ጥንዳ ከኣ ንፈለማ እዋን ከም ክሉብ ብምቛም ኣብዚ ምድብ ብምጽምባሩ፡ ብዙሓ ጋንታታት ክብ ክብል ክኢሉ ኣሎ። እዛ ክሉብ፡ ብምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዝቖመት ናይ ፈለማ ክሉብ ብምዃና፡ ንኻልኦት ምምሕዳራት ቅዱስ ቅንኢ ከተሕድር ትጽቢት ይግበር።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጸወታ፡ ተቐዳደምቲ ክለባት ዓራግን ደቡብን ዝኾና ኣርሴማ ዓንደማስቀልን ቤተኤል ኤፍሬምን፡ ብዘፈጸማኦ መጥቃዕቲ ተመራሪሐን ቀዳመይትን ካልኣይትን ኣትየን። ንጋንታ ጽግዓት ዝወከለት ኤልዳና ተኽለማርያም ከኣ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ።

ብወገን ደቂ ተባዕትዮ፡ ተቐዳዳማይ ደንደን ጳውሎስ ገብረሚካኤል ውድድር ኣብ ምዝዛሙ ብዘፈጸሞ መጥቃዕቲ፡ ብዘይ ተቓጻጺ ቀዳማይ ኣትዩ። ዓብዩ ጉጅለ ኣብ ዘካየዶ ቅጽበታዊ ውድድር ድማ ኣብል ሓዳስ ክሉብ ጉዛ ጥንዳ ዝኾነ መራሕ ቢተው ንተቐዳዳማይ ኤሪትል ሳሙኤል ገብረት ረቲዑ ካልኣይ ደረጃ ሒዙ።

ዕዉታት ተቐዳደምቲ ናይ እንዳ ኮርሶን ማውንቴን ባይክን ሸልማት ኣብ ዝተቐበልሉ፡ ካብ ኣብ ሸወደን ዝቕመጥ ጉዳም ተቐዳዳማይ መንእሰይ ኢሳይያስ ተከሌ ድማ ናይ ማሳጅ መሳርሒ ማሽን ህያብ ተበርኪቱሎም።

## ሲቲ፡ ከም ንስሪ ምሕዳስ የድልያ ኣሎ

ካብ ዓይነታት ዑፍ እቲ ዝፍን ሓያልን ዝኾነ ንስሪ ዘለዎ ናይ ምንባር ባህሪ ፍሉይ እዩ። ልዕሊ ሰለስተ ኪሎሜተር ርሒቓ ንዘላ ማንቲለ ብንጹር ክርኢ ከምዝኽእል ዝግለጽ ንስሪ ክሳዕ 70 ዓመታት ክነብር ዝኽእል ግዙፍ በራሪ እዩ። እንተኾነ ዚ ዕድመ'ዚ ንኸበጽሖ ከቢድ ውሳኔ ክገብር ኣለዎ። 40 ዓመት ምስ መልኦ እቲ ነዊሕን ተሪርን ኣጽፋሩ፡ መንቢ ዝኾነ እንሳስ ኣብ ምሓዝ ይጽገም፤ እቲ ነዊሕን በሊሕን መትከቡ ይዕጸፍ፤ ነዊሕ መንኮብኮቡ፡ ብሰሪ ምእራግን ምቕጣጥንን ክንቲቱ ናብ ኣፍልቡ ይጣበቖን ኣብ ምብራር ጸገም ይፈጥረሉን።

ኣብ'ዚ ህሞት'ዚ ክልተ ምርጫ ድማ ይህልዎ፣ ሞት ወይ 150 መዓልታት ዝወስድ ኣቐንዛዊ መስርሕ ዳግመ ሕወየት። በዚ ከኣ ናብ'ቲ ኣብ በሪኽ ቦታ ኣብ ዝርከብ ሰፈሩ ብምኻድ፡ ንመትከቡ ምስ ከውሒ ብምህራሙ ይኣልዮ፣ ሓዱሽ ክሱብ ዝወጸሉ ከኣ ይጸብ። ድሕሪኡ ንኣጽፋሩ ይብርቅቖ፣ ብተመሳሳሊ ሓዱሽ ክሱብ ዝወጽእ ይጸብ። ሰዒቡ ድማ ንዝኣረገ ክንቲቱ ይምሕዎ። ድሕሪ ናይ ሓሙሽተ ኣዋርሕ መሪር ናይ ምህዳስ እዋን ከኣ ንስሪ ከም ሓዱሽ ንዝተረፉ 30 ዓመታት ይቕጽል።



ናይ ቀደም ኣርማ

ሓዱሽ ኣርማ

ኣብ 2008 ብዓረባውያን ሰብ ጸጋ ድሕሪ ምግዛእ ቀስ ብቐስ ዝጐልበተት ማን ሲቲ፡ ኣብ ዝሓለፉ ሸውዓተ ወቕቲታት ግን፡ እታ ዝሓየለት ጋንታ ፕሪመር ሊግ ምዃና ኣማስቲራ እያ፣ ካብዚ ንሽዱሽተ ዋናጩ ፕሪመር ሊግ ኣልዒላቶ። ንዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመተ-ስፖርት ድማ ብተኸታታሊ ብምዕዋት፡ ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ታሪኽ ሰሪሓ። ኣብ ኤውሮጳዊ መድረኽ'ውን ወርትግ ሓንቲ ካብ'ተን ተፈራሕቲ ክለባት ክትከውን እንከላ፡ ኣብ 2022-23 ንዝዓበየት ጽዋእ ኤውሮጳ ዝኾነት ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ንፈለማ ግዜ ኣልዒላታ።

ዚ ኣብ ታሪኻ እቲ ዝበለጸ ጉዕዞ ክትሰንድ ከላ ኩሎም ተጻወትታ ኣእጃሞም ኣበርኪቶም እዮም። ሰፊሕ ርእየትን ብልሒን ኣከፋፋሊኣ ኬቨን ደ ብሩይን፡ ንዘመጽኦ መጥቃዕቲ ብኢጋኡ ዝኾልፍን ናብ ቅድሚት ክትወርወር ዝሕግዘን ኣከፋፋሊኣ ሮድሪ ከምኡ'ውን ኣብ መስመር መጥቃዕቲ ዘይምሕር ተጻዋታይ ዝኾነ ሃላንድ ብፍላይ ዝጥቀሱ ኮይኖም፣ ሓለዊ ልዳታን ተኸላኸልቲን እውን ዘይሃሰቕ ኣበርክቶ ዝገበሩ እዮም።

ኣብዚ ወቕቲ ግን፡ ዝተፈላለየ ምኽንያት እኳ እንተሃለወ እዞም ጊጋታታ ዳርጋ ጠፊኦም፡ ኣብ ወጣሪ እዋን ትርከብ። ክልተ ኣግሪጺ ከኣ ዝጸብያ ይመስል፣ ዳግማይ ነዊሕ ክትሰርር እንተኾይና ተሪር ውሳኔ ምውሳድ፡ ወይ ብዘለዉኻ ተጻወትቲ እናተሰሓሓብካ ምጽዋት።

ወላ'ኳ ኣብ ፍርቂ ዓመተ-ስፖርት ሓያሰቲ ተጻወትቲ ክተፈርም ዘይትኽእል እንተኾነት፡ ምእላይ ገለ ክፋል ተጻወትታ ግን፡ ኣብ ክራማት ዘገድሳ ይመስል። ብሉጽ ዓቕሙ ዘጸንቀቐ ዝመስል ደ ብሩይን፡ ብተደጋጋሚ መጉዳእቲ ዘይስለፉ ዘለዉን ናብ 30ታት ዝኣተዉን ተኸላኸልታ ኣካንጂን ስቶንስን ብመንእሰያት ክትቅይሮም፡ ብማዕበርቲ ምስ ተኣልያ ክትተክእ ንዘይክኣለት ሮድሪ ንቦታኡ ዝሽፍን ተጻዋታይ ክተማዕብል ብሓፈሻ ኑዩም ቀንዲ ሕመረት ዓወታታ ዝነበሩ ክፋላት፡ ምስ እተሐድሶ ዳግማይ ናብ ናይ ቀደም ክብራ ክትምለስ ትኽእል እያ።

ሲቲን ንስሪን'ውን ምትእስሳር ኣለዎም። እዚ ዓርሞሸሽ በራሪ ናይ ቀደም ኣርማኣ እዩ ነይሩ - ክሳዕ ሓምለ 2016።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ኮፓ ደል ረይ ፍርቂ ፍጻመ**

ባርሴሎና - ኣትሌቲኮ ማድሪድ 11:30 ድ.ቀ

**ኮፓ ኢጣልያ ርብዒ ፍጻመ**

ኢንተር ሚላን - ላዝዮ 11:00 ድ.ቀ

**ጽባሕ**

ሪያል ሶሴዳድ - ሪያል ማድሪድ 11:30 ድ.ቀ

**ኮፓ ኢጣልያ**

ጁቬንቱስ - ኢምፖሊ 11:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ሚርያም ኣብርሃም

## ቻይና፡ ካብ መንካዕ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ ሓድሽ ሕማም ረኺባ

ቻይናውያን ተመራመርቲ ምስ ኮቪድ-19 ብዙሕ ምምስሳል ዘለዎ፡ ካብ መንካዕ ናብ ሰብ ዝመሓላለፍ ሓድሽ ዓይነት ቫይረስ ከምዝረኸቡ፡ መርከብ ሓበሬታ 'ሪሻ ቱደይ' ሓቢሩ።


እዚ ሓድሽ ቫይረስ፡ ዓሌት ናይቲ 'ብኤችኬዩ' ዝፍለጥ ዓይነት ኮሮና-ቫይረስ ምዃኑ ድማ እቶም ተመራመርቲ ገሊጾም።

እዚ ኣብ ከተማ ዉሃን - ቻይና 'ባት ዉማን' ተባሂላ ብእትፍለጥ ሺ. ዠንግሊ ዝተባህለት ቻይናዊት ተመራማሪት ኣብ ዝተመርሐ መጽናዕቲ ዝተረኸበ ተመሓላላፊ ሕማም፡ ናብ ሰብ ከይተላበወ እንከሎ ጽኑዕ ምቁጽጻር ክግበረሉ ከምዘለዎ ድማ፡ ሓያለ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ የተሓሳስቡ ኣለው።

ኣብታ ከተማ ኣብ ዝርከብ ላብራቶሪ ሱ-ቫይረስ ከምእትሰርሕ ዝነገረላ ሺ. ዠንግሊ፡ ሓንቲ ካብቶም ኣብ ምርካብ ተላባዒ ሕማም ኮሮና-ቫይረስ ዓቢ እጃም ዘበርከቱ ቻይናውያን ክኢላታት ምዃና እያ ትግለጽ።

ኣመሪካ ንኽልተ ዓመት ድሕሪ ዘካየደቶ መረመራ፡ "ኮሮና-ቫይረስ ኣብ ከተማ ዉሃን ካብ ዝርከብ ላብራቶሪ ዝሎሓኾ እዩ" ክትብል ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ንዘዘበቶ መግለጺ፡ ሺ. ዠንግሊ ብትሪ ከምዝኾነነቶ ዝዝከር እዩ።

ኮቪድ-19፡ ንመጀመርታ እዋን ኣብ ታሕሳስ 2019 ኣብ ከተማ ዉሃን ድሕሪ ምኽሰቱ፡ ናብ መላእ ዓለም ብምልባዕ ልዕሊ. 7 ሚልዮን ዜጋታት ከምዝቐዘፈ ጸብጻባት ይሕብሩ።



## ሕ/ሃገራት፡ ኣብ ኮንጎ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ. ክግበር ጸዊዑ

ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ብዘይ ቅድመ-ኩነትን ብቐልጢፍን ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ. ክግበር ዝጠልብ ሓድሽ ውሳኔ ኣመሓላሊፉ።

ወኪል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ፈረንሳ ኒኮላስ ርቪር ትማሊ. ሰኑይ ኣብ ዘሰመየ መደረ፡ ኣብ መንጎ ሰራዊት መንግስትን ዕጡቕ ጉጅለ 'ኤም-23'ን ዝቐጽል ዘሎ ደማዊ ግጭት ደው ንምባል፡ ዘይቅድመ-ኩነታዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ. ምኽታም እቲ እንኮ ኣማራጺ. ምዃኑ ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ. ሰለስተ ዓመታት፡ ኣብ መንጎ ሰራዊት መንግስትን እቶም ዕጡቓት ተቓወምቲን ብዘተፈጥረ ግጭት ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰላማውያን ሰባት ካብ ቤት-ንብረቶም ከምእተመዛበሉ፡ ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይጠቕሱ።



ብመሰረት እቶም ጸብጻባት፡ ካብ ዝሓለፈ. ወርሒ. ጥሪ ንነጀው ጥራሕ፡ ብሰንኪ.'ቲ ግጭት ልዕሊ. 400 ሽሕ ሰላማውያን ሰባት ቤቶም ራሕሪሖም ሃዲሞም ኣለው።

ርዋንዳ'ኳ'ቲ ብማዕድናት ዝሃብተመ ምብራቃዊ ዞባ ንምቁጽጻር ዝቃለስ ዘሎ ብዘወለደቶ ዓሌት ቱትሲ. ዝምራሕ ዕጡቕ ጉጅለ 'ኤም-23' ትድግፍ ከምዘላ ክትክሰስ ዝጸንሐት ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ማሕበረሰብ ዓለም ኣብ ልዕሊኣ እገዳ ክጽድቕ እያ ትጽውዕ ዘላ።

ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ከምዝሕብሩዎ፡ ን'ኤም-23' ዝድግፉ ኣሽታት 4,000 ወተሃደራት ርዋንዳ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ኣለው።

## ህንዲ ንማዕከን ዜና 'ቢቢሲ' ትቐጽዕ

መንግስቲ ህንዲ፡ ኣብ ሃገሩ ንዝተጣየፍ - ኣብ ብሪጣንያ ዝመደበሩ ማዕከን ዜና ቢቢሲ. ኣሽታት 400 ሽሕ ዶላር ከምዝቐጸዐ ይሕብር ኣሎ።

እቲ መንግስቲ፡ ቢቢሲ. ንሃገራዊ ሕጊ ሸርፌ ህንዲ ድሕሪ ምጥሓሱ ኣብ ሰጉምቲ ከምዝወሰደ ብምሕባር፡ በዚ. መሰረት እቲ ማዕከን ዜና ካብ ጥቅምቲ 15-2021 ንደሓር መዓልታዊ 57.6 ዶላር ክኸፍል ተበይኑሉ ከምዘሎ ኣረዲኡ።



ብመሰረት እቲ ካብ ሚያዝያ 2023 ኣትሒዙ ኣብ ከተማታት ኒው-ደልሂን መምባይን ክካየድ ዝጸንሐ መርመራታት፡ ቢቢሲ. ንኸሉ'ቲ ብመንግስቲ ህንዲ ዝወጸ - ንወጻኢተኛታት ወነንቲ ሚድያ ዝምልከት ሕጊ ክጥሕስ ከምዝጸንሐ እዩ ክረጋገጽ ክኢሉ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ቢቢሲ. ካብ 1932 ኣትሒዙ'ዩ ኣብ ህንዲ ብቋንቋ እንግሊዝ ዜናዊ መደባት ዝፍኑ ዘሎ። ብቋንቋ ህንዲ ድማ ካብ 1940 ኣትሒዙ ኣገልግሎት ይህብ ኣሎ።

## ብሪጣንያ፡ ኣብ ልዕሊ. ሩስያ "ዝኸበደ እገዳ" ንምጽዳቕ ትዳሎ

ብሪጣንያ፡ ኲናት ዩክሬን ካብ ዝጀመረ ንደሓር፡ ኣብ ልዕሊ. ሩስያ ካብ ዘጽደቐቶም እገዳታት እቲ ዝኸበደ ምዃኑ ዝጠቐሰቶ ሓድሽ ማዕቀብ ንምብያን ትዳሎ ከምዘላ፡ ጸሓፊ ጉዳያት ወጻኢ.'ታ ሃገር ዴቪድ ላሚ ሓቢሩ።

ኲናት ዩክሬን ትማሊ. ሰኑይ ሳልሳይ ዓመቱ ኣብ ዘቑጸረሉ እዋን ኑቲ መግለጺ. ዝሃበ ዴቪድ፡ ብሪጣንያ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ሩስያ ንምድኻም ኣብ ልዕሊኣ ተደራራቢ. እገዳታት ከምእተጽንዕ ኣፍሊጡ።

እቲ ብዓል-ስልጣን ብተወሳኺ፡ ወተሃደራዊ ዓቕሚ ዩክሬን ንምድንፋዕ፡ ብሪጣንያ ተወሳኺ. 3.8 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ወተሃደራዊ ኣጸዋር ናብታ ሃገር ከምእትልእኽ'ውን ገሊጹ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኲናት ዩክሬን ኣብ 2022 ካብ ዝጀመረ ንደሓር፡ ብሪጣንያ ንልዕሊ. 1900 ውልቀሰባት፡ ትካላት መንግስቲ፡ ዓበይቲ ኢንዱስትሪታትን ኣብ ሰደድ ጸዓት ዝተጥፉ ትካላትን ሩስያ ዒላማ ዝገበረ እገዳታት ኣሕሊፉ ኣሎ።



እዚ. ከምዚ. ኢሉ እንከሎ፡ ብሪጣንያን ፈረንሳን ብሓባር ኣሽታት 30,000 ዓቀብቲ-ሰላም ወተሃደራት ናብ ዩክሬን ንምልኣኽ ድልዋት ከምዝለዋ ሓቢረን።

ኣብዚ. ሰሙንዚ. ናብ ኣመሪካ ምብጻሕ ከም ዝፍጽሙ ዝነገረሎም ዘሎ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኪር ስታርመርን ፕረዚደንት ፈረንሳ ኤማንዌል ማክሮንን፡ ኣመሪካ ንዩክሬን ክትምጥዋ ዝጸንሐት ወተሃደራዊ ሓገዝ ክትቅጽሎ ምስ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ዝርርብ ከምዘካይዱ ተፈሊጡ ኣሎ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ዝሓለፈ. ሰሙን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዩክሬን ካብ ኣመሪካ ዝተቐበለቶ ሓገዛት ብዘዘዋዋሪ መንገዲ. ምስ ዘይትመልሶ፡ ናብታ ሃገር ዝኾነ ሓገዝ ክልእኽ ከምዘይደሎ ኣጠንቂቑ ነይሩ።

መንግስቲ ሩስያ፡ ሃገራት ምዕራብ ብኲናት ዩክሬን ኣመኽንየን ኣብ ልዕሊ. ሃገሩ ኣጽኒዐንኦ ዘለዋ እገዳ፡ ብዘዘዋዋሪ መንገዲ. ንህዝበን ብኣሉታ ይጸሉ ከምዘሎ ክተሓሳስብ ምጸንሑ ይፍለጥ።

## ዩክሬን ካብ ኣመሪካ ዝቐረበላ ናይ ካሕሳ ጠለብ ትነጽግ

ፕረዚደንት ሕ.መ. ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ዩክሬን ብሓገዝ ካብ ኣመሪካ ዝተቐበለቶ ቢልዮናት ዶላር ብዘዘዋዋሪ መንገዲ. ክትከፍሎ ዝቐረቦ ጠለብ፡ ብርእሲ ዝበሉ ሰብ-መዚ. ዩክሬን ነጺጎሞ።



ኣመሪካ፡ ካብ 2022 ኣትሒዛ ንዩክሬን ኣሽታት 350 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ወተሃደራዊ ኣጸዋር ብመልክዕ ሓገዝ ከምዘለኣኸትላ ዝጠቐሰ ትራምፕ፡ እታ ኤውሮጳዊት ሃገር እትውንኖም ብርቂ ዝኾኑ ማዕድናት ናብ ኣመሪካ ብምልኣኽ ክትሕውሶ እዩ ዝሓለፈ. ሰሙን ጸዊዑ ነይሩ።

እንተኾነ፡ ሰብ-መዚ. ዩክሬን፡ ኣመሪካ ብመልክዕ ሓገዝ ናብ ሃገሮም ዘለኣኸቶ መጠን ገንዘብ ኣሽታት 90 ቢልዮን ዶላር ጥራሕ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኑቲ ብትራምፕ ዝቐረበ ጠለብ ብትሪ ነጺጎሞ።

ትራምፕ፡ ንዩክሬን ዘቕረቦ ናይ ካሕሳ ጠለብ ግብራዊ ምስዝዩከውን፡ ኣመሪካ ናብታ ሃገር ዝኾነ ገንዘባዊ ይኹን ወተሃደራዊ ሓገዝ ክትልእኽ ቅርብቲ ከምዝይትኮነት እዩ ምምሕዳር ኣመሪካ ዘጠንቀቐ ዘሎ።

ዩክሬን፡ ከም ቢርልዩም፡ ጋልዩም፡ ማንጋኒስ፡ ጀርራንዩም፡ ዩራንዩም፡ ዚርኮንዩምን ግራፋይትን ዝኣመሰሉ ብርቂ ማዕድናት ብብዝሒ. ከምእትውንን፡ ጸብጻባት ይጠቕሱ።

ኣመሪካ ንዩክሬን ኣቕሪባትላ ዘላ እማመ፡ ኣብ ባህርያዊ ጸጋታት እታ ሃገር 50 ሚእታዊት ብጽሒት ክህልዋ ዝጠልብ እዩ።

ኲናት ዩክሬን ኣብ 2022 ካብ ዝጀመረ ንደሓር ጥራይ፡ ሃገራት ምዕራብ ልዕሊ. 380 ቢልዮን ዶላር ዝዋግኡ ወተሃደራዊ ኣጸዋር ንዩክሬን ብሓገዝ ከምዝሃባ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይሕብሩ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ. ኤደን | 25/02/2025 | ከባቢ. ዩኒቨርስቲ - ጥቓ ባር ሊድያ | 110750 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services